# ‘‘ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈላለየ ኲናት ‘‘ኣየ ምጽዋዕ]‘‘‘ ስርሒት ፈንቕል ብጸላኢ እንክዝንቶ ከሎ! 14 ስጋብ መበል 18 ክፋላት

ግምቦት 23, 2017 ዓም ፈረንጂ



**ትርጉም ካብ ኣምሓርኛ ናብ ትግርኛ ፡ ድምጻዊ ጊደዎን በራኺ**

**ጸሓፋይን ተሓታታይን ናይዚ ቀሪቡ ዘሎ ታሪኽ፡ ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ ።**

※※※※※※※





*******ስእሊታት ደራሲ`ዛ መጽሓፍ ወትሃደር *ሓለቓ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖን [ላዕለዋይ ስእሊ] ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን [ታሕተዋይ ስእሊ]*** **……………………**

- ***** ሓጺር መብርሂ፡ "ኤርትራን ከኢትዮጵያ የነጠለ ጦርነት፣ ኣይ ምጽዋ"** ብትግርኛ ድማ **"ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝፈለየ ኲናት፣ ኣየ ምጽዋዕ"** ዝተባህለት መጽሓፍ ደራሲኣ **ሓለቓ ሓምሳ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ** ይበሃል። እዚ ናይ ቀደም ኣባል ደርጋዊ ኢትዮጵያዊ ወትሃደር ነበር፣ **ብጆጋኑ ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ [ህ.ግ.ሓ.ኤ]** ብ **"ስርሒት ፈንቅል"** ዝብል ስም ኣንጻር ባዕዳዊን መግዛእታዊን ወራሪ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ፣ ክጅመር ኣትሒዙ ስጋብ ብዓወት **ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ዝዛዘም፣ ካብቲ ውግእ ዝተረፉ ንሱ ደሚርካ ኣሽሓት ምሩኻትን ዝኾኑሉ ዝነበረ ኲነታት ብናቱ ትዕዝብቲ ኣብዛ ዝተጠቕሰት መጽሓፍ ሰኒዱዎ ኣሎ። እዛ ጽዋ [ዛንታ] መጽሓፍ እዚ''ኣ ኣብ ክሊ ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን ኣብ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊት ኢትዮጵያን ውትሃደራቶምን ዝነበረ ናይ ኲናት ሃዋህውን ሕንፍሽፍሽን ብፍላይ ከምኡውን ብወገን **ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ኣብ ብጽኑዕ ተሃዲሙ ዝነበረ ወትሃደራዊ ዕርድታት ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ ድማ ብሓፈሻ፣ ብዝርዝር ገሊጹዎ ኣሎ።

**ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማ** [የማናይ ስእሊ ኣብ ላዕሊ ተመልከት]፣ እቲ ንሰላማዊ **ህዝቢ ባጽዕ ጅሆ** ሒዙ ኣብ ሞንጉኦም ተሓቢኡ ስጋብ መጨረሽታ ዝተዋግኣን ጠንቂ ዘየድሊ መስዋእትን ህልቀት ህዝብን ወትሃደራትን ዕንወት ወደባዊት ባጽዕ ዝኾነን ኣብ መወዳእታ ድማ ብኻላሽኑ ነብሰ-ቅትለት ዝፈጸመን ኣረሜናዊ ሰብ እዩ። በወገን ኢትዮጵያውያን ከም ባህላዊ ርድኢቶም ከም **ሃጸይ ተዎድሮስ [ናይ ቀደም ስሙ ራስ ካሳ]** ጀግና ኢሎም ይሰምይዎ እዮም። ብወገነይ ክምኡ`ውን ብዓለማውን ብሰብኣዊን ትዕዝብቲ ግን፣ ለባማት ኣቦታትና ከምኡ ምስ ረኣዩ ``**ኣድግሲ መሬት ብድሕረይ ዳንዴር ኣትብቈላ በለት"** ክብሉ ዝመሰሉዎ፣ ሰብኣዊ ርሕራሔ ዘይብሉ ጨካን ሰብ ኢለ ይገልጾ። በቲ ሓደ ወገን ብወትሃደራዊ ዓይኒ፣ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዘይነበሮ ቃልዕ ይኹን በረኻ ጎበታትን ከምኡ'ውን ጎላጉል ኣንጻር ጸላኢኡ እናተዋግኤን ከም ሓላፊ እናዋግኤን ምስ ዘይሰልጦ ማለት ኣብ ኢድ ተጻይ ናይ ምውዳቕ ወይ ምምራኽ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ከምኡ እንተዝገብር ኔሩ፣ ኣነ'ውን ብዘይቀልዓለም ካበየናይ ወገን ብዘየገድስ ጅግና ምበልኩዎ ኔረ። ከምኡ ግን ኣይነበረን።

ሓያሎይ ክፋላት ናይ''ዚ ትረኻ'ዚ ካብ ገጽ-መጽሓፍ ክዓቖሮ ቀንየ እየ። ኣብ'ዚ ብዙሕ ኽቡር መስዋእትን መውጋእትን ዝተኸፍለሉ ከቢድ ሰብኣውን ስነ-ኣእምሮኣውን ነገራውን ዕንወት ዝተኸሰተሉን ብድምር ናቱ ድማ መበል 26 ዓመታት ክቡር ነጻነትና ከነኽብሮ እንዳለወሉ ኣብ ዘሎና ሃዋህው፣ ንመዘኻኸሪ ካብ`ቲ ዓቕኑረዮ ዘሎኹ ጽሑፋት ንኸተምብብዎ ምእንታን ብድምር ክፋላት መዓልታዊ ክሰደሉም እየ።ሰናይ ንባብ!!!

**ጽባቐ ትሽዓተ ብሄራትና※※※※※※※※ሕላገት ጽኑዕ ኤርትራዊ ሓድነትና!!!**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና፣ ክብሪ ድማ ንጀጋኑ ናይ ሓርነታዊ ኲናት ስንኩላን ብጾትና!!!**

**ሞሳን ክብርን ነቶም ደኺምና ሕጅስ ከነዕርፍ ከይበሉ ከይተሓለሉ ስጋብ ሎሚን ቀጻልን ብጽንዓት ሃገር ኣብ ምሕላውን ምህናጽን ምምዕባልን ዝቃለሱን ዘቃልሱን ዝሰርሑን ዘሎዉ ኤርትራውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን!!!**

**ዓወት ንሓፋሽ!!!**

*****ሓውኹም ብርሃነ ሃብተማርያም [ጸሓፊ-ናይ'ዚ ሓጺር መብርሂ]**

**<u>ተውሳኺ</u>-**ኣብዛ ክፋል እዚኣ ቁሩብ መኣረምታን ጌረ ኣሎኹ።

**※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※**




- ኣብ'ቲ ሰግለለት ስዕረት ኣብ ሰማያት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዘንሳፍፈሉ ዝነበረ ጸላም እዋን፡ እቶም ክልተ ላዕለዎት መኮንናት ደርጊ ክዝትዪ እንከለዉ....

ጄነራል ተሾመ፣ “ሻዕብያ፡ ኣብ 1988 ዓ.ም. ፈረንጂ ኣብ ኣፍዓበት (ናደዉ እዚ) ልዕሊ'ቲ ኣእላፍ ገዳይም ኣጋር ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ምድምሳሱን፥ ልዕሊ እቲ ብዙሕ ከበድትን ፈኮስትን ብረታት ምምራኹን፥ ካልእ ካልእን፥ እቲ ፍልጠት ከቢድ ብረት ዝማረኸልና ኢዩ። ንዓና ዝዓበየ ኽሳራና።’’

“ማለተይ በቶም ተመክሮ ናይ ነዊሕ ዓመታት ዘለዎም ተኮስትን ጸገንትን ከበድቲ-ብረታት ወተሃደራትና፡ ኣብ ኣፍዓበት ዝማረኾም ሰልጢኑ፡ ፍልጠት ቀሲሙ ኢዩ ሎሚ ብመዳፍዕ ናይ ገዛእ ርእስና ከበድቲ-ብረታት ብደብዳብ ትንፋስና ዘሙልቑና ዘሎ።’’ ዝብል ርእይቶ ይደጋግሙ ነበሩ። ብግምጣል እዚ ድማ ኮማንዶር ፊሊጶስ..... “ተሾመ ኣጆካ ኣይትርዓድ ኣይትጃጁ። እቲ ጎብለል ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘18ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ ኣጋር ተዋጋኣይ ኣብ ኣኽራናት’ ዝተሰመየ እኮ’ዩ ምስ ሻዕብያ ገጢሙ ዘሎ። እዚ ብርጌድ እዚ ካኣ ዋዛ ከይመስለካ። ‘መዳልያ ’ ብቕዓት ኣብ ኩናት ዝተሸለመ ሓያል ተዋጋኢ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ኢዩ።’’

“ኣብ ርእሲ እዚ ድማ እቲ ምስ ‘18ኛ’ ተወሃሂዱ ዝዋጋእ ዘሎ ‘ሰንጣቂ 16ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ ከቢድ ብረት’ እዉን ተኾነ፡ እቲ ዝበዝሑን ዝማዕበለን ከበድቲ ብረታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝዓጠቐ ብርጌድ እኮ ኢዩ።’’

“እዚ ብርጌድ እዚ ኸኣ ኢዩ፣ ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ንሻዕብያ ብደብዳብ ከቢድ ብረት ሓመድ ድፋጬ’ኡ ዘስትዮ ዘሎ።’’

“ተሾመ፣ ጽባሕ ንግሆ እንታይ ኢሉ ኔሩ ‘ፊሊጶስ’ ክትብል ኢካ። ሻዕብያ ተዋሪዱ ኣብቲ ዝነበሮ ኣኽራናት ሳሕል ምስ ተመልሰ” ዝብል ርእይቶ ይደጋገም ኔሩ። እቲ ‘’ዘተ’’ ብመትከልን መንፈስን ‘’ኢድ’ካ ንስዕረት ዘይምሃብ’’ ዝምራሕ ኢዩ ኔሩ። ብ “እምቢ ኣይሰዓርን” ዝተማእከለ ፍረ ዘይሕፈሰሉ ኣህላኺ “ዘተ”። „እታ ዑፍ ዋላ ትንፈር እንበር ጤል ኢያ“ ዝዓይነቱ።

ጄነራል ተሾመ ‘’ኣብ እቲ ዘይሰምዓ’ካ ደብረ ኣይትማህለል’’ ትብል ምሰላ ቐዳሞት ዝዘከሩ ክመስሉ፣ ካብቲ ክከይድ ዝጸንሐ መዛተዪ ኣርእስቲ ወጻኢ.....

“ ኮማንዶር ፊሊጶስ: ኣብቲ ቀንዲ ዘምጽኣኒ ጉዳይ ክኣቱ’’ ኢሎም ማእዝን ኩርናዕ ዕላል ቀየርዎ።

“ሎሚ - መዓልቲ ከባቢ ሰዓት ሓደ ናይ ቀትሪ ይኸዉን ሓንቲ ሄሊኮፕተር ብሸነኽ ደሴት ዳህላክ ዝመጸት፡ ነቲ መዕርፎ-ነፈርቲ ምጽዋዕ ተሓሲማ ኣብ ጥቓ ኣጂፕ መዐደሊ ነዳዲ ኣብ ዝርከብ ጎልጎል ክትዓልብ ተዓዚበ ኣለኹ።’’

“መቸም እዚ ተርእዮ’ዚ ልሙድን ንቡርን ኣይኮነን።” ኢሎም ንሒደት ካልኢታት ኣቶኩሮም ጠመትዎም። ስምዒቶም ዘንብቡ ዝነበሩ ኢዮም ዝመስሉ።

ኣልግብ ኣቢሎም ድማ “ብዛዕባ እዚ ትፈልጥዎ ነገር ኣሎ ዶ! ’’ በሉ ኣዒንቶም ኣብ ኣዒንቲ እቶም ኮማንዶር ተኺሎም።

እቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዕላል ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ ላዕለዎት መኮንናት ኣህላኽን ኣድካምን ኢዩ ኔሩ። ብፍላይ ከኣ እቲ ርእይቶ ናይ ኮማንዶር ፊሊጶስ ብፕሮፖጋንዳ ዝተጠጅኤን ብሓሶት ዝተባዕጠን ካብ ክዉንነት ዝረሓቀ፡ ኣብ ፍልስፍና ‘ታህዲድ’ ፍርቂ ሓይሊ ዝተመርኮሰ፡ ሓንቲ ስድሪ ንቕድሚት ዘየሰጉም ርእይቶ ስለ ዝነበረ፡ ቕጫ ኢዩ ኣምጺእለይ ኔሩ።

ደሓን ትእቶ እታ ሚስጥራዊት ሄሊኮፕተር “ዕላል” ኣብ እዋናዊ ፍጻሜታት ኣብ ባይታ ዘሎ፡ ኣብ ብዓይንና ንርእዮን ብኢድና ንዝጨበጦ ኮነ።

ሽዑ እቲ ህልዉ ኩነታት ምስ ተቓነየ በቲ ክዉን ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅታት፡ ካብ ፈንጠዝያ (Fantasie) ናይ ሓሳብ ዓለምን፥ ሕልሚ ደርሆን ወጺእና ተመሊስና ናብ ሓቂ ክዉንነት ኣቶና።

“ እወ! ሓበሬታ ኣሎኒ፡ጄነራል“ ኢሎም ኮማንዶር ፊሊጶስ ፍሽክታ ኣሰንዮም ክትርኹ ጀመሩ።

“እታ ሄሊኮፕተር ካብ ከተማ ኣስመራ ኢያ ነቒላ። ግን በቲ ልሙድ ስሩዕ መስመር በረራ ነፈርቲ ኣስመራ-ምጽዋዕ እንተ በሪራ፡ኣብ መጻወድያ ደብዳብ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ክትኣቱ ስለ እትኽእል፡ ንድሕነት'ታ ሄሊኮፕተርን ንድሕነት ተጓዓዝትን ንምዉሓስ፣ መጀመርያ ን’ሸነኽ ደቀምሓረ ገጻ፡ ቀጺላ ካኣ ኣብ ሰማያት ሰገነይቲን ፎሮን ዘንብ’ያ ን’ሸነኽ ቀይሕ ባሕሪ ገጻ ከም እትበርር፡ ኣብ ማይ ቀይሕ ባሕሪ ምስ በጽሔት ኣፍንጭኣ ንሸነኽ ምዕራብ ቀይሕ-ባሕሪ ጠውያ፡ ንከተማ ምጽዋዕ ሰጊራ፡ ኣብ ጥቓ ‘ኣጂፕ’ መዐደሊ ነዳዲ ዘሎ ጎልጎል ከም እትዓልብ ተገብረ። ’’ በሉ ኮማንዶር ፊሊጶስ ።

ኣልግብ ኣቢሎም ድማ ተጓዓዝቲ እታ ሄሊኮፕተር ‘ጄነራል ሑሴን ካልኦት ክልተ መኮንናት ካብ ሚንስትሪ ምኽልካል ሙኳኖም ሓበርዎም። ከሙኡ’ዉን እቶም መኮንናት ክምስሑ ናብ ’ሆቴል ቀይሕ ባሕሪ’ ከይዶም ከምዘለዉን ፥ ኣብ ድሕሪ ምሳሕ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ከኣ፡ ህጹጽ ዋዕላ ላዕለዎት መኮንናት ጸዊያም ምህላዎምን ገለጽሎም።

ኮማንዶር ፊሊጶስ፡ ሕብሪ ቆርበቶም ቀይሕ፡ ኣዒንቶም ፍሩይ ኣዕንቲ ፍንጃል፡ ባህርያቶም ህዱእ፡ ግንባሮም ወትሩ ዝተቖጽረ ጸዋግ ኢዮም።

ኣብቲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ተመዲቡ ዘሎ ህጹጽ ዋዕላ መዘተዪ ዛዕባ (Agenda) ንኮማንዶር ፍሊጶስ ይኹን ንጄነራል ተሾመ ኣይተነገሮምን። ግን ኣብቲ ዝቐነየ ዓዉደ-ኲናት፡ ሻዕብያ ሓፊስዎ ዘሎ ዓበይቲ ዓወታትን ፡ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣጋጢምዎ ዘሎ ሓፍ ዘይብል ክሳራታትን ኣብ ግምት ኣእትዮም፣ እቲ ዛዕባ ኣብ ዙር ‘መኸተ’ን ‘ጸረ-መጥቃዕት’ን ከም ዝኸዉን ኣይሰሓትዎን።

ስለዚ እቶም ኣጋይሽ ካብ ምሳሕ ስጋብ ዝምለሱ፣ ኣብ ዙርያ እዚ ኣርእስቲ ዘዝመስሎም ተዛሪቦም፡ ሓሳባት እንዳ ተለዋወጡ ከለዉ ማዕጾ ተኳሕኲሐ።

እቶም ክልተ መኮንናት ክምስሑ ዝኸዱ ኣጋይሽ ዝተመልሱ’ዩ መሲልዎም ኔሩ። እቲ ማዕጾ ተኸፊቱ እቲ ዝኳሕኲሐ ሰብ ንዉሽጢ ምስ ኣተወ ግን ኦፕሬተር ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ጄነራል ተሾመ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ ።

እቲ ኦፕሬተር ድሕሪ እቲ ልሙድ ወተሃደራዊ ሰላምታ ነቶም መኮንናት ምቕራቡ፣ ኣዛዚ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’ ሜካናይዝ ብርጌድ ሰራዊቱ ሒዙ ካብ ፎሮ ኣዝሊቑ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ በጺሑ ከም ዘሎን፥ ጄነራል ከዘራርብዎ እንተ ደልዮም ከኣ ኣብ መስመር ከም ዘሎን ሓበሮም።

ጄነራል ነዚ ምስ ሰምዑ፡ ብድድ ኢሎም ብቁልጡፍ ስጉምቲ፡ ብቅጽበት’ዮም ኣብቲ ቦታ ወተሃደራዊ ሬድዮ ርኽብ ዝነበረትሉ ደበኽ ዝበሉ።

እቲ መዛረቢ ኢድ ሬድዮ (Handset) ርክብ ጨቢጦም ድሕሪ እቲ ልሙድ ሰላምታ ምልዉዋጦም ድማ ነቲ ኣዛዚ ክፍለ ጦር-ሰራዊት'27ኛ:ሞራል'ቶም ሰራዊት ከመይ ከም ዘሎ ሓተትዎ። እቲ ኣዛዚ ድማ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ሎሚ’ዉን ከም ወትሩ ሞራሉን ናይ ምዉጋእ ወኑ’ን ከም ቀደሙ ሰማይ ዓሪጉ ከም ዘሎን ሓቢሩ ኣረጋገጸሎም። ኣስዒቡ ከኣ ኣብ ኣጋ-ወጋሕታ ምስ ሙሉእ ዕጥቅን ሓይሊ ሰብን ካብ ፎሮ ነቒሎም ብሰላም ኣብ ወደባዊት ከተማ ምብጽሖም፣ ግን ዘጊት ኣበይ ከም ዘዕርፉ ከም ዘይትሓበሮም፡ ኣብ ርእሲ እዚ’ዉን ጋሕ-ጋሕ ምድሪ ካብ ፎሮ ነቂሎም ኣብ ጉዕዞ ስለ ዝወዓሉ ስጋብ ሕጂ እክለ-ማይ ከም ዘይለከፉ፡ ስለዚ ብህጹጽ ዝምስሕሉ ቦታ ክሕበሮም ብትሕትና ሓተተ።

“ ኣንታ ጅግና; ኣርሓ ኣንበሳ ነብሮ ’’ ኢሎም ብሞጎሰ ኢዮም ጄነራል ኣፎም ከፊቶም። “ኣብ ‘ኣጂፕ መዔደሊ ነዳዲ ዲፖ’ ምሳሕ ተዳልዩ’ልኩም ኣሎ። ድሕሪ እቲ ምሳሕ ግን ነቶም ሰራዊትካ ወተሃደራዊ ተልእኾ ኣዳልዎም ” በሉዎ። ኣስዒቦም ድማ.....“በርቃዊ ዝኾነ ጸረ መጥቓዕቲ ክንገብር ኢና ’’ በሉ ኣስናኖም እናሓራቐሙ።

ጄነራል ተሾመ ተሰማ፡ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’ ሜካናይዝድ ብርጌድ ፎሮ ጠንጢኑ ምስ ሓይሉ ናብ ምጽዋዕ ምዝላቑ ብጣዕሚ ኢዩ ኣሐጉስዎም ኔሩ። ተስፍኦምን ሞራሎምን ኣብ ካልኢታት (seconds) ኢዩ ሰማይ ዓሪጉ። ኣብ ርእሲ’ቲ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ኣዝዩ ዝተጋነነ፡ ደረት ዘይብሉ እምነት ኢዩ ኔርዎም።

ርክብ ሬድዮ ኣኽተመ። ጄነራል ተሾመ ድማ ናብ ቤ/ጽ ኮማንዶር ፊሊጶስ ተመለሱ። እቶም ጄነራል ገና ኣብ ኣፌፊት ቤ/ጽ ኮማንዶር ፊሊጶስ እግሮም ከየንበሩዎ ኢዮም ፡ “ሻዕብያ ሎሚ-ለይቲ ኣብ ዶግዓሊ ኣይ’ክሓድርን ኢዩ’’ ዝበሉ ብሙሉእ ነብሰ-ምትእምማን። “እዚ ዋዕላ ጥራሕ ቀልጢፉ ይዛዘመለይ’’ በሉ ኩርሲ ስሒቦም ኮፍ እንዳበሉ።

እቲ ህንጥይነቶም ኣብ ገጾም ጎሊሑ ይንበብ ነበረ።

“ዋዕላ ምስ ተዛዘመ፣ እንዳ ‘27ኛ ’ ሒዘ ንዶግዓሊ ምግስጋሰይ ኢየ።’’ “ሻዕብያ በቲ ረኺብዎ ዘሎ ግዝያዊ ዓወት ሰኺሩ ተዛንዩ ከሎ፣’’ ‘’ሃንደበት ድቦላ ሓደጋ ወዲቕና፡ ዋጋ ኩሉ ክሳራታትና ሕሳብ ከነኽፍሎ ኢና።’’ ‘’ሎሚ ሓንትን ናይ መወዳእታን ኢያ።’’ በሉ ኣፍ-ልቦም ብኹርዓት ነፊሖም። ‘ኣካኪ ዘራፍ’...... ‘ቱታ-ቱታ’...... ኢሎም ክፍክሩ ንእሽቶይ ኢያ ተሪፋቶም ኔራ።

ኮማንዶር ፊሊጶስ፡ ጄነራል ተሾመ ከም ሓደ መራሒ ‘’ሓጺን-ለበስ ጥይት ዘይቀትሎም ወተሃደራት ኣብ ዓዉደ-ኩናት ዘሰለፈ መጠን’’ ኣብ ስምዒት ኣትዮም ክንዲ እዚ ምፍካሮምን፥ ሚእቲ ብሚእቲ ክዕወት ኢየ ኢሎም ምሕሳቦም፡ ክርድኦ ስለ ዘይካኣለ፣ ተጠንቂቁ ስምዒቶምን ሞራሎምን ከይትንክፍ ከምዚ ኢሉ ሓተቶም።

“ እእእ! ግን እዚ ‘27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ’ ገዲም ክፍሊ ጦር-ሰራዊት ድዩ ? ”

እቲ ሕቶ ኮማንዶር ፊሊጶስ ነቶም ጀነራል ኣዝዩ ኢዩ ኣበሳጭይዎም ።

“ ኤረ! ብሕጊ ኣምላኽ ኢለካ ኣለኩ። ኣገባብ ግበር ። ’’ ኢሎም ብሕርቃን ክንድሩ ጀመሩ። “እዚ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’ ሜካናይዝድ ብርጌድ እኮ፡ ኣብ ኤርትራ ምስ ሻዕብያ ኩናት ዘይገጠመሉ ስፍራ የለን። ኣብ ኩሉ ዝገጠመሉ ዓውደ-ኩናት ከኣ ንሻዕብያ ጉንዲ-እዝኑ ጸፊዑ ዘባረረ ጅግና ኢዩ።”

“ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’ ሻዕብያ ከይተረፈ ዘድንቆን ዘኽብሮን ዉሩይ ጅግና ክፍለ ጦር-ሰራዊት ኢዩ።’’

“እዚ ክፍለ ጦር- ሰራዊት ንሻዕብያ ከም ጥምየት ከብዱ’ዩ ዝፈልጦ። እቲ ኩሉ ሻዕብያ ዝጥቀመሉ ቅዲ ኩናትን፥ እቲ ኩሉ ሻዕብያ እንክሸክዕ ኣብ ዓዉደ-ኩናት ዝጥቀመሉ ሜላ ዉግእን ኣዳቒቑ ዝፈልጥ ኢዩ።’’

‘’ኮማንዶር ፊሊጶስ!!! እንዳ ‘27ኛ’ ዋዘ ከይመስሉኻ።” ኢሎም ኣስፊሖም መለስሉ። ኣብ ምዝዛም ዘረብ’ኦም ድማ፥

“ኣነ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኢየ ዝተኣማመን ብእንዳ ‘27ኛ’ ክፍለ ጦር-ሰራዊት።’’ ‘’ እመነኒ።’’

‘’ እዚ ክፍለ ጦር-ሰራዊት’ዚ፡ ነቲ ጸሊም ጽርግያ መስመር ምጽዋዕ-ኣስመራ ተቖጻጺሩ ዘሎ ጉጅለ ሻዕብያ ኣብ ገደል ኣጽዲፉ፡ ጽባሕ ንግሆ ንጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ ባጽዕ…….’’ ኢሎም ዘረባ’ ኦም ኣይወድኡ እንከለዉ፡ ኦፕሬተር ሬድዮ ርክብ ናይ ጄነራል ተሾመ እንደገና ማዕጾ ኳሕኲሑ። “እቶ” ዝብል ፍቓድ ኮማንዶር ፍሊጶስ ምስ ተሰምዐ፡እቲ ኦፕሬተር ማዕጾ ኣርሒዩ ናብ`ቲ ዉሽጢ ክፍሊ ኣተወ። ድሕሪ እቲ ልሙድ ወተሃደራዊ ሰላምታ ድማ ‘ጄነራል ሑሴን’ ኣብ መስመር ከም ዘለዉ ሓበረ።

ጄነራል ተሾመ ዘረባኦም ኣቛሪጾም ናብታ ሬድዮ ርክብ ዝነበረትሉ ቦታ ከዱ።

ጄነራል ተሾመ ኣብ መስመር ምስ ተረኽቡ፡ ድሕሪ እቲ ልሙድ ሰላምታ ምስ ጄነራል ሑሴን ምልዉዋጥ፣ ጄነራል ሑሴን ኣገደስቲ ኣጋይሽ ሒዞም መጽዮም ከም ዘለዉን፥ ሓጺር ህጹጽ ኣኼባ ከም ዘሎን፥ ስለዚ ኸኣ ጄነራል ተሾመ ብህጹጽ ኣብ ማእከላይ መኤዘዚ 6ይ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ክመጹ ከም ዘለዎም፡ኣዘዝዎም። ጄነራል ተሾመ ድማ ትእዛዝ ተቀቢሎም ጂፕ-ዋዝ መኪና’ኦም ተሰቂሎም ተመርቀፉ።

ብዕለት 02 ለካቲት 1990 ዓመተ ምሕረት ፈረንጂ ድሕሪ ቐትሪ ርብዒ ጎደል ንሰዓት ኣርባዕተ ድማ እቲ ህጹጽ ዋዕላ ላዕለዎት ሓለፍቲ መኮንናት ደርጊ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽ መኤዘዚ ሻድሻይ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ኣዳራሽ ‘ ሰልፊ ኢሰፓ ’ ተጀመረ።

ዋዕለኛታት ሰብ ብዙሕ ጽሩራ ጄነራላት መኮንናት ደርጊ፡ በዓል ጄነራል ሑሴን ኣሕመድ፥ ብርጋዴር ጄነራል ጥላሁን ክፍሌ፥ ብርጋዴር ጄነራል ዓሊ ሓጂ፥ ሻለቃ ሮሪሳ ዳዲ፥ ሻለቃ ሃይሉ ኣየለ፥ ኮሎኔል በላይ ኣስጨናቂ፥ ሻለቃ ፈይሳ፥ ሻምበል ኣዲሱ፥ጄነራል ተሾመ ተሰማን ክልተ ሙሉኣት ኮሎኔላት ልኡኻት ካብ “ማእከላይ ሽማግለ ዘመተ ምክልኻል” ኢዮም ኔሮም። ከሙኡ’ዉን እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ዝተፈላለየ ክፍልታት ምስኦም ነበሩ።

እቲ ህጹጽ ዋዕላ ላዕለዎት ሓለፍቲ ብጄነራል ሑሴን ኣሕመድ ኢዩ ዝምራሕ ኔሩ። ጄነራል ሑሴን “ከመዓልኩም ብጾት! ” ኢሎም ቅድሚ መደረ ምጅማሮም፣ እቲ ሻዕብያ ኣብ ኣዉራጃ ሰምሃር ዝኸፈቶ መጥቃዕታዊ ኲናት፡ ብወገን ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ሃንደበት ዘይተጸበዮ ምንባሩ፥ በቲ ካልእ ወገን ድማ (ሻዕብያ) እቲ ኣሎኒ ዝብሎ ሓይሊ ጠራኒፉ ኣብ ሓደ ግንባር ምስላፉ ግዝያዊ ዓወት ጨቢጡ ከም ዘሎ ኣቦታ’ኡ ከሎ፣ ግን እቲ በዓል ኪዳን ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ንቀያሕ ብጫ ቀጠልያ ሕብራ ባንዴራ ኣብዮታዊ ኢትዮጵያ፡ ‘እምቢ ኣይሰዓርን ኣበደን ኢሉ ስጋብ እዛ ዘለናያ ካልኢት እዚኣ ብጅግንነት፡ ምስ ሻዕብያ ክሳድ-ንክሳድ ኣብ ኩሉ ዓውደ-ኲናት ተሓናኒቑ ይረባረብ ከም ዘሎ፡ ኣብነታት እንዳ ጠቀሱ ዘርዚሮም ገለጹ።

ቀጺሎም’ዉን ሻዕብያ ዶግዓሊ ተቆጻጺሩ ክንሱ ገና ከም ዘይዓገበን፥ እቲ ሕጂ በጺሑና ዘሎ ሓበሬታ፡ ሻዕብያ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንክቆጻጸር ዓጢቑ መጺኡ ከም ዘሎ ኢዩ ዝሕብር።

ስለዚ ካብ እዛ ሰዓት እዚኣ ንነጀዉ ኩሉ ቤት-ጽሕፈታት ኣገልግሎትን ምሕደራን ንግዜኡ ተዓጽዩ ኣሎ። ኩሉ ሰብ ንስለ ድሕነት ሃገር ብረት ዓጢቑ ኣብ ቅድመ ግንባር ክኸትት ኣለዎ ኢሎም ትእዛዝ ኣመሓላለፉ።

ጄነራል ሑሴን እዚ ኢሎም ከብቕዑ ብግምጣሉ ካኣ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዓወታት ይሓፍስ ከም ዘሎ ከእሙኑና ሃቂኖም ኣብነታት እንዳ ኣምጽኡ ኣስፊሖም ገለጹ።

ኣብ ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ እን'ከለኩ “ እቶም ጄነራል ክልተ መልሓስ ኣብ ሓደ ርእሲ” ዝተዓደሎም ፍሉይ ፍጥረት ኢዮም ኔሮም ኢለ'የ ዝድምድሞ።

ጄነራል ሑሴን ኣሕመድ ኣብ ምዝዛም'ቲ ነዊሕ መደረ፥

“ዶግዓሊ ዝተከፈለ ዋጋ ተከፊሉ ኣብ ቁጽጽር ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ክትኣቱ ኣለዋ። እዚ ክንገብር እንተ ዘይ’ንኽእል ኮይና ግን ብደዉና ከለና ሞይትና ኣለና። ወረ ብሂወትና ከለና ኢና ተቐቢርና!!!

“ብጾት፣ መደረይ ኣብዚ ዛዚመ ኣለኹ። መድረኽ ንርእይቶን ሕቶን ወዓሎ ይገድፎ ’’ በሉ።

እቶም ቀዳማይ ርእይቶ ዝሃቡ ሙሉእ ኮሮኔል: ሓደ ካብቶም ክልተ ልኡካት “ማእከላይ ሽማግለ ምክልኻል” ኢዮም ኔሮም።

እቶም መልእክተኛ ‘ማእከላይ ሽማግለ ምክልኻል’ እቲ ታህታህ ዝብል ግንባሮም ኮታ እቲ ከም ጠስሚ ጤል ዝተለኽየ ገጽ ሓድሽ መርዓዊ ዝመስል ወዛም ገጾም፡ ናብራ’ኦም ሙቖት ሙኳኑ ንምግማት ኣየጸግምን ኢዩ።

እሶም “እቲ ዝመጸ መለኮታዊ ሓይሊ ይምጻእ እንበር! ዋላ እዉን እዛ ምድሪ እሳት (ባርዕ) ትትፋእ እንበር! ሻዕብያ ንምጽዋዕ ኣይክቆጻጸራን ኢዩ። እዚ ዘይከዉን ነገር ኢዩ። እዚ ብፍጹም ዘይሕሰብ ነገር ኢዩ።’’ ኢሎም መደረ ጀመሩ። ኣስዒቦም......

“ድሮ ተወሳኺ ዝኾኑኹም ረዳኢ ኣደራዕ ሓይሊ ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘15ኛ’ ጽባሕ ንግሆ ካብ ባህር-ዳር ናብ ከተማ ምጽዋዕ ብነፋሪት ‘ኣንቶኖቭ’ ክመጽእ ተኣዚዙ ኣሎ።”

“እዚ ንኽትግበር ግን ናይ ግድን ኢዩ ዶግዓሊ ኣብ ኢድ ቁጽጽር ኣብዮታዊ ሰራዊት ክትኣቱ ዘለዋ!!! ምኽንያቱ ነፋሪት ‘ኣንቶኖቭ’ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ከተማ ምጽዋዕ ጥራሕ’ያ ክትዓልብ ትኽእል። እዚ ሕጂ ኩነታት ዘሎ እንተ ዘይ’ተቀያይሩ ድማ ‘ኣንቶኖቭ’ መፍቶ ኣብ ዶግዓሊ ዘሎ ኣሃዱ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ’ያ ክትከዉን ማለት ኢዩ።”

“ስለዚ ዶግዓሊ ብዘይ ዉዓል-ሕደር ዳግማይ ክንቆጻጸራ ኣለና። ኣብዮታዊ ሰራዊትና እቲ ዝሕተቶ ዋጋ ከፊሉ ግድን ዶግዓሊ ዳግማይ ክቆጻጸራ ኣለዎ ” በሉ።

መጀመርያ ቅድሚ ኩሎም ወዓሎ ንመደረ ልኡኽ ‘ማእከላይ ሽማግለ ምክልኻል’ ዝድግፍ ቃል ዝሃቡ ጄነራል ጥላሁን ክፍለ ኢዮም ኔሮም።

“ እዚ ኩሉ ዝበልኩሞ ልክዕ ኢዩ” ኢሎም ዘረባ'ኦም ጀመሩ። ኣስዒቦም ከኣ.....

“ መዕርፎ ነፈርቲ ከተማ ምጽዋዕ ካብ ተጽዕኖ ከቢድ ብረት ሻዕብያ ሓራ ስጋብ ዘይኮነ ኣዝዩ ኣሻቃሊ ሽግር ኢዩ ክኸዉን። ምኽንያቱ ኩልና ከም ንፈልጦ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ሰንበት ዕለት 12-02-1990 ዓ.ም. ፈረንጂ ብምኽንያት ‘መመረቕታ ሓደስቲ መኮንናት ሓይሊ-ባሕርን ፥ ብምኽንያት መበል ሳላሳ ዓመት ዝኽሪ ምምስራት ‘መሰልጠኒ መዓስከር ሓይሊ-ባሕሪ ዓቢ ፍሉይ ጽንብል ክጽንበል ተመዲቡ ኣሎ።  እዚ ጽንብል ድማ ብምኽትሉ ንፕረዚደንት መንግስቱ ሃይለማርያም ብጻይ ‘ፍስሓ ደስታ’ ብወግዒ ክኽፈት‘ዩ ተመዲቡ ዘሎ። ከሙኡ‘ዉን እቶም ኤታ-ማጆር ሹም ሌፍተናንት ጄነራል ‘ኣዲስ ተድላ’ ላዕለዋይ ሓላፊ ቀዳማይ ሓለቓ ተሓታቲ ብመላእ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትናን፥ ካልኦት ላዕለዎት ሰብ-መዚ ሓለፍትን ክመጹ ሙኳኖም ትሒም-ትሒም ኢዩ ዝባሃል ዘሎ፡ እዞም ዝጠቀስኩዎም ኩቡራት ኣዝዮም ኣገደስቲ መኮንናት ድማ ብነፋሪት ጥራሕ ኢዮም ክመጹ ዝኽእሉ። ስለዚ ሻዕብያ ዝከፈልና ከፊልና ብህጹጽ ካብ ዶግዓሊ ኣባሪርና መዕርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ ቅድሚ እዚ ጽንብል ምጅማሩ ዉሕስነቱ ከነረጋግጽ ኣለና ” በሉ።

ኣብ ምዝዛም ሓሳባቶም ድማ “እዚ ክብል ከለኩ ግን ብርግጽ ኣቐዲሞም ነዚ ጽምብል ንምምዕራግ ዝመጹ ከም እኒ ቀዳማይ ተጸዋዒ ሓላፊ መላእ ሓይሊ-ባሕሪ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ‘ኣድሚራል ጌታቸዉ ስዩም’ን፥ ላዕለዋይ ሓላፊ ‘ፖለቲካዊ ጉዳያት’ ኮማንዶር ታደሰን፥ ከሙኡ’ዉን ብዙሓት ሓለፍቲ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ክፍልታት ‘ጎስጓስን ሓበሬታን ዘመተ’ ዘለዉ መኮንናት ድሮ ኣብ ባጽዕ ወሪዶም ከም ዘለዉ ክሕብረኩም እፈቱ’’ በሉ።

❊❊❊❊❊

ጄነራል ተሾመ ተሰማ ዘረባ ጄነራል ጥላሁን ክፍሌ ፈጺሙ ኣይተዋሕጠሎምን። ስለዚ ድማ ስርዓተ ነጥቢ ኣኬባ ጥሒሶም ማለት ኢዶም ኣወጣዊጦም ፍቃድ ካብ መራሒ ዋዕላ ንኽዘረቡ ክረኽቡ ከይሓተቱ፥

“ ኣነ ጥራሕ ብጥራሽ ኣይሰማምዓሉን’የ ርእይቶ ጄነራል ጥላሁን ክብል ዘይ’ኮንኩስ፡ ክንዮ ዘይ’ምስምማዕ ሰጊረ’ዉን ርእይቶ'ኡ ይኹንኖ ኣለኹ” ኢሎም ብሕርቃን ክጮድሩ ጀመሩ። ኣስዒቦም፥

”ኣብ እዚ እዋን’ዚ ኣዝዩ ዘሻቕል ዉሕስነት ድሕነት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ’ምበር፣ ገለ ላዕለዎት ሓለፍቲ መኮንናት ጽንብል ክጽንብሉ ኣብ መዓርፎ-ነፈርቲ ባጽዕ ክዓልቡ ስለ ዘይክኣሉ ንሻቐለሉ እዋን ኣይኮነን "

"ኣብ እዚ እዋን'ዚ እዚ ኣርእስቲ ከም ሓደ ተራ ኣርእስቲ ተቆጺሩ እንተ ኮነ'ዉን ክልዓል ኣይምተገብአን ”

“ እዚ ጽንብል ‘መመረቅታ ሓደስቲ መኮንናት’ ተጸንቢሉ ኣይ’ተጸንቢሉ ኣብ ባይታ ዘምጽኦ ለዉጢ የለን።"

"ሓደ እንኮ ኣብ ባይታ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ነገር እንተ'ሎ! ንሕና ን’ሻዕብያ ጸራሪግና ናብ'ቲ ዝነበሮ ኣኽራናት ሳሕል ክንመልሶ ምስ እንኽእል ጥራሕ ኢዩ! ” በሉ። ኣስዒቦም ድማ ብግሁይ ላዛ ዘረባ ልሳን....

“ ጽንብል ‘መመረቕታ ሓደስቲ መኮንናት’ ሎሚ ኣይተጸንበለን ንዓመታ ክጽንበል ይኽእል ኢዩ። ግን ወደብ ባጽዕ ኣብ ኢድ ቁጽጽር ሻዕብያ እንተ ኣትያ! እቲ ጽንብል ኣበይ ኮኔና ኢና ክንጽንበሎ! ኣብ ቀላይ ላንጋኖ፥ ቀላይ ሃዋሳ፥ ወይስ ወሓዚ ኣባይ፥ ወሓዚ ተከዘ፥ ወ.ዘ.ተ. ? ” ኢሎም ምልክት ሕቶ ኣንቢሮም፡ ዘረባ'ኦም ኣቋረጽዎ።

ድሕሪ'ቲ ስምዒታዊ ግብረ-መልሲ ጄነራል ተሾመ ኣብ ርእይቶ ጄነራል ጥላሁን ‘ትም-ትም ’
ኮይኑ ኣዳራሽ ብጽምዋ ተዋሕጠ።

እዚ ዘስተውዓሉ መራሒ እቲ ዋዕላ ጄነራል ሑሴን፥

“ጄነራል ተሾመ ሓቂ ኣሎ ነዚ ርእይትኡ ከኣ ኩልና ክንቕበሎን ምስኡ ክንሰማማዕን ይግባእ።"

"ብጾት! ሕጂ ግዜና ኣብ በለካ - ለካዓካ ኣይ’ከነባኽኖን ኢና። ነናብ ቦታና ተመሊስና ንመጥቃዕቲ ሻዕብያ ብጅግንነት ንመክቶ! ኣብ ዓወት የራኽበና ” ኢሎም ነቲ ህጹጽ ዋዕላ ዛዘምዎ።

ይቕጽል..........




- ጀነራል ተሸመ ተሰማ ኣብታ ጂፕ መኪንኦና ተሰቂሎም፡ ካብ ቅርዓት ቤት-ጽሕፈቶም ወጺኦም ናብቲ ‘27ኛ’ ሜካናይዝድ ብርጌድ ጦር-ሰራዊት ዝዓረፈሉ ቦታ ‘ኣጂፕ-ዲፖ’ ገጾም ተመርቀፉ።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ ኣብ ‘ኣጂፕ-ዲፖ’ መዐደሊ ነዳዲ ምስ በጽሑ፣ ንመኪንኦም ዓሺጎም ናብቶም ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ዓቢ ገረብ ኮፍ ኢሎም፡ ንምምጻእ ጀነራል ተሾመ ብሃንቀውታ ክጽበዩ ዝጸንሑ ኣዘዝቲ ጦር-ሰራዊትን፥ ሓለፍቲ ፖለቲካዊ-ጉዳያትን ሃገራዊ ድሕነትን፥ ‘27ኛ’ ሜካናይዝድ ብርጌድ ገጾም ኣምርሑ። "ኣጂፕ-ዲፖ" ኣብ ዝባን ሓደ ን’ኣስታት 100 ሽሕ ‘ኩቢክ-ሜትሮ’ ነዳዲ ክኽዝን ብቕዓት ዘለዎ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸ ዓቢ ገንኢ ዝተደኮነ መንግስታዊ ትካል ኢዩ።

‘ሓደ ኩቢክ -ሜትሮ’ ማለት፡ ሓደ ሽሕ ሊትሮ ፈሳሲ ክዕቅብ ዝኽእል ቦታ ማለት ኢዩ። ስለዚ ዓቅሚ ምዕቃብ እዚ ገንኢ 100 ሽሕ ብ 1000 ሽሕ ሊትሮ ክንደይ ይከዉን! መልሱ ንኣንባቢ ገዲፈ. . . .

ኣጂፕ- ዲፖ ኣብ ርእሲ እዚ እዉን ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተቐብረ ናይ ዉሽጢ-ዉሽጢ መስመር፡ ካብቲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዘሎ ገንኢ ስጋብ ወደብ ምጽዋዕ ዝተዘርግሐ ትሕተ-ቕርጺ ትቦ ዘለዎ ሙኳኑ'ን፥ እተን መራኽብ ነዳዲ ዝጾዓና ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ኮይነን ብዉሽጠ ዉሽጢ ነዳዲ ኽምግብኦ ዘኽእል ትሕተ-ቕርጺ ዝተሰርሓሉ ሙኳኑ'ን፥ ኣዝዩ ኣገዳሲ መዕቆሪ ነዳድን መከፋፈሊን ሙኳኑ ከይጠቀስክዎ ክሓልፍ ኣይደልይን።

ኣነ ካብ ዉሽጣዊ ዉልቃዊ ህንጡይነተይ ተበጊሰ፡ እዚ ዘደንቕ ስራሕ መን ከም ዝሰርሖ ክፈልጥ ተደሪኸ! ብዙሕ ሓቲተ ከብቅዕ ክንሰይ ስጋብ ሎሚ-ለይቲ ብቁዕ መልሲ ስለ ዘይረከብኩ፡ "እቲ ንኤርትራ ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ዝገዝኤ ፋሺሽታዊ መንግስቲ ጣልያን ኢዩ ሰሪሕዎ ዝኸዉን እንበር ካልእ ደኣ መን ሰሪሕዎ ከይከዉን ! " ኢለ ደምዲመ ኣለኹ።

ጄነራል ተሾመ ተሰማ ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሑ፣ እቲ ኣዛዚ በርጌድ ናይቲ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ጠጠዉ ኢሉ ልሙድ ወትሃደራዊ ሰላምታ ኣቕረበ። ቀጺሉ ድማ እቶም ኣዘዝትን ተራ ወተሃደራትን '27ኛ' ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ትእዛዝ (ህጹጽ ወተሃደራዊ ተልእኮ) ክፍጽሙ ተዳልዮም ብሃረርታ ንናይ ንቅሎ ዜሮ ሰዓት ይጽበዩ ከም ዘለዉ ኮሪዑ ገለጸ።

እቶም ጄነራል ድማ ድሕሪ እቲ ግቡእ ግብረ መልሲ ወተሃደራዊ ሰላምታ መእተዊ ቀንዲ ዛዕባ ኸከኖም፥ "ከመይ ዉዒል'ኩም ብጾት? " ኢሎም ተወከሱ።

እቲ ግብረ-መልሲ ናይ ኩሎም ኣዘዝቲ ኣብዮታዊ ሰራዊትና፣ሓሙሽተ ኣጻብዕቶም ጨቢጦም፡ ነቲ ጸጋማይ ኢዶም ንሰማይ ኣዕሪጎም "እናሸንፋለን (ክንዕወት ኢና)።" ዝብል ምድማጽ ኢዩ ኔሩ።

እዚ ግብረ-መልሲ ናይ ኣዘዝቲ ብርጌዳት እዚ፡ ካብ ባህልን ልምድን ሕብረተ-ሰብ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝረሓቐ ኢዩ።

ሓደ ኢትዮጵያዊ "ከመይ ዉዒልካ" ኢሉ ክሕተት እንከሎ! ብመሰረት ባህልን፥ ልምድን፥ ወግዕን፥ ሃገረ ኢትዮጵያ "እግዚኣብሄር ይመስገን" ኢሉ ኢዩ ዝምልስ። ስለዚ ድማ እቲ ግብረ መልሲ ናይቶም መኮንናት፡ ጽልዋ ጸጋማዊ ሪእይቶ-ዓለም መንግስቲ ራሻ፡ ነቲ ባህልን ወግዕን-ልምድን ሃገረ ኢትዮጵያ ኣህሲሱ ስጋብ ክንደይ ኣብ ዉሽጥና ሰሪጹ ከም ዝነበረ ኢዩ ዘረድእ።

ጄነራል ተሾመ ኣብቲ ንዕኦም ዝተሓዝአ ቦታ (ኣብቲ ንቡር እዋን ምስ ክብሮም ዘይዳረግ) ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ዓባይ ገረብ ኮፍ ምስ በሉ። ቀጥታ ኢሂን-ሚሂን ክበሃሃሉ ምስቶም ኣዘዝቲ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ጀመሩ።

"ሎሚ-መዓልቲ ኣብዚ ቦታ ተራኺብና ንኽንዝቲ ዘገደደና ሮቋሒ ትስሕትዎ ኢለ ኣይሓስብን ኢየ።ሻዕብያ 'ዕዋላ ወዲ ዕዋላ' ኣካኪቡ ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር ኣገዳሲን ስትራተጂካዊን ቦታታት ተቆጻጺሩ ኣሎ " ኢሎም መደረ ጀመሩ። ኣስዕብ ኣቢሎም ድማ፣

"ጎሮሮ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና መስመር 'ኣስመራ-ምጽዋዕ' ጸሊም ጽርግያ ድማ፡ ካብ ትማል ሰዓት 06:00 ንግሆ ጀሚሩ ኣብ ኢድ ቁጽጽር ሻዕብያ ስለ ዝኣተወ፣ ብሓጺር ገላጺ ዘረባ 'ኢትዮጵያ ጎሮሮኣ ተሓኒቓ ኣላ ክንብል ንኽእል ኢና። ካብዚ ዝከፍኣ ኣብዚ ሰዓት እዚ ኣዝዩ ንዓና ዝብድህ ሓደገኛ ኩነታት ግን ሻዕብያ ነቲ ኣብ ዶግዓሊ ዝርከብ ዒላታት ጽሩይ ማይ፡ ማለት ብ'ዉሽጢ-ዉሽጢ ኣብ ትሕቲ መሬት ተቐብረ ሻምብቆታት ጽሩይ-ማይ

ዝተዘርጊሐ መስመር ጽሩይ-ማይ፡ ጽምኢ ማይ ነበርቲ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዘሪዉይ ስፍራ ምቁጽጻሩ ኢዩ ” በሉ። ኣስዒቦም ድማ፣

“ ሻዕብያ ሓደ ትሽዓተ ኪሎ-ሜተር ርሕቀት ካብ ‘ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ’ ጥራሕ’ዩ ዓሪዱ ዝርከብ ዘሎ።ወረግ! እቲ ድሒሩ ዝመጸ ሓበሬታ ካብ ቤ/ጽ ‘ስለያን ድሕነትን’ ማእከላይ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ከም ዘመልክቶ ‘እቲ ቀንዲ ዕላማ እዚ ናይ ለዘበን መጥቃዕቲ ሻዕብያ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተቖጻጺሩ ጎሮሮና ንምሕናቕ ’ ወጢኑ ምምጽኡ ኢዩ። ስለዚ ሕጂ ክንምልሶ ዘለና ሕቶታት!

ሻዕብያ! እንታይ’ን መን’ን ኣሚኑ ኢዩ! ደፊሩ ንወደብ ምጽዋዕ ክቖጻጸሮ ሃቂኑ!

ሻዕብያ! ንሕና ብደውና ጠጠው ኢልና እንዳ ሸና፡ ብሂወት ከለና ድዩ! ወላስ ሬሳና ተሳጊሩ ኢዩ ን’ምጽዋዕ ክቖጻጸራ!

ሻዕብያ!ናይ ነገር ኣጋጣሚ ኮይኑ ሰሊጥዎ እንተ ተዓዊቱ፣ እንታይ ኢዩ ረብሓ ሻዕብያ?! እንታይ ኢዩ ኸ ክሳራ ናትና?! ” ኢሎም ሓቲቶም ከብቅዑ ንሕቶታቶም መልሲ ዝህብ ስለ ዘይረከቡ፣ “መልሲ ናተይ ነዚ ሕቶታት” ኢሎም ጀሚሮም ስምዒት ናይቶም መኮንናት ከንብቡ ኣተኪሮም ሓደ-ብሓደ ገጾም እንዳ ረኣዩ፡

“ንሕና እኮ ንቀያሕ ብጫ ቀጠልያ ዝሕብራ ባንዴራ ኢትዮጵያ ዝመሓልና  ኣብዮታውያን (ሰውራውያን) ወተሃደራት ኢና።’’

‘’ ከምቲ ጀጋኑ ኣባሓጎታትናን ኣቦታትናን ብሕድሪ ዘረኸቡና እታ ጎሮሮ’ን ኣፍ-ደገ ባሕሪ’ን ሃገረ ኢትዮጵያ ዝኮነት ‘ወደብ ምጽዋዕ’ ናብቶም ድሕሬና ዝመጽኡ ሓደሽቲ ወለዶታት ኢትዮጵያ ብሕድሪን ብኽብሪን ን’ከነሰጋግራ ረዚን መብጽዓ ሰፊሕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዝባን’ና ዝተሰከምና ኣብዮታውያን ወተሃደራት እውን ኢና። ስለዚ ድማ ስጋብ ሓደ ሰብ’ን ሓንቲ ጠበንጃ’ን ዝተርፍ ክንዋጋእ ኢና። ” ምስ በሉ፣ እቲ ግብረ መልሲ ናይ እቶም ጽን ኢሎም ክሰምዑ ዝጸንሑ መኮንናት ድሙቕ ጣቅዒት ኢዩ ኔሩ።

ድሕሪኡ ጄነራል ተሸመ ነታ ኣብ ጸጋማይ ኣምባር ኢዶም ዝተኣስረት ሰዓት ረኣዩ። ልክዕ ሰዓት 03:15 ድሕሪ ቐትሪ ኮይኑ ነበረ።

“ኣነ እቲ እስኩም ትኣልይዎን ትመርሕዎን ዉሩይ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’። ነቲ ‘ወተሃደራዊ ተልእኮ’ ብብቕዓትን ብዓወትናን ከም ዝዛዝሞ ብፍጹም ኣይጠራጠርን ኢየ። ስለዚ ሕጂ ነቂልኹም ኣብ ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቐትሪ ጸረ - መጥቃዕቲ ጌርኩም፣ ነቲ ሕጂ ኣብ ኣኽራናት ዶግዓሊ ሒዙ ዝዕንድር ዘሎ ሻዕብያ ኣጽዲፉኩም፣ ጽባሕ ዶግዓሊ ዝኸፈልኩም ከፊልኩም ዳግማይ ኣብ ቁጽጽር ኣብዮታዊ ሰራዊት ከተእትዉዋ ይእዝዘኩም ኣለኹ” በሉ።

እቶም ዝበዝሑ መኮንናት ብዘይ ሕቶን ርእይቶን ነቲ ዝተኣዘዝዎ ነገር ከተግብሩ ኣእምሮ'ኦም ኣዳልዮም ዝጸንሑ ኢዮም ዝመስሉ ኔሮም።

ግን ሓደ ሓላፊ ናይ 'ክፍሊ ፖለቲካዊ-ጉዳያት' እንዳ '27ኛ' ብርጌድ 'ሻለቃ ሽዋንታዮ ዓለሙ' ዝተባህለ መኮነን፡ ፍቓድ ክሓትት 'ሕቶ' ከቕርብ የማናይ ኢዱ ናብ ላዕሊ ዊጥ ኣበለ።

ሰናይ ፍቓድ ጀነራል ተሾመ ኮይኑ ከኣ ሕቶ ሓተተ።

እቲ ሕቶ "እቲ ን'ዶግዓሊ ተቖጻጺሩ ዘሎ፡ ሓይሊ ሻዕብያ ኣቃዉማ ሰራዊቱ እንታይ ይመስል? ዕጥቁን ሓይሊ ሰቡን`ከ ሓበሬታ ኣለኩም ዶ! " ዝብል ኢዩ ዝነበረ።

ጄነራል ነዚ ሕቶ ጸር-ጸር እንዳ በሉ ተባሳጭዮም ኢዮም መሊሰሞ።

" እወ ደንጉዩ ዝተላእከ ሓበሬታ ኮይኑ እንበር ሕጂ ንጹር ስእሊ ዕላማ እዚ ናይ ሕጂ ኩናት ሻዕብያ እንታይ ሙኳኑ ዘብርህ ሙሉእ ሓበሬታ ኣሎኒ።"

"ሻዕብያ ነዚ ኩናት'ዚ ብግቡእ ተዳልይሉ ኢዩ።''

"ሻዕብያ ስጋብ ዓንቀሩ ፈኮስትን ከበድትን ብረት ዓጢቑ፡ ልዑል ነብሰ-ምትእምማን ኣብ ዓወት ኣጥርዪ'ዩ ዝገጥመና ዘሎ" ኢሎም። ትንፋስ ኣዕሚቆም ንዉሽጢ ስሒቦም ድሕሪኡ ንግዳም እንዳተፍኡ።

" ሻዕብያ ሎምዘበን ኣጋር ተዋጋኢ ሰራዊትን ሜካናይዝድ ከበድቲ ብረታት ኣወሃሂዱ ይዋግኣና ስለ ዘሎ፣ ኣብዮታዊ ኣሃዱ ከቢድ-ብረትን፥ ኣጋር ጦር-ሰራዊት'ን፥ ብብቕዓት ኣወሃሂድና ኣሰሊፍና ጥራሕ ኢና ክንምክት እንኽእል። ስለዚ ኸኣ '3ኛ' ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ሓይሊ ታንኪ፡ ኣብቲ ዓውደ-ኩናት ምሰኩም ተወሃሂዱ ክስለፍ ኢዩ። " ኢሎም ድሕሪኡ ንእሽቶይ ፍሽክ እንዳበሉ....

''ቕሰኑ! ንበይንኹም ኬንኩም ኣይኮንኩምን ንሻዕብያ ክትምክቱዎ " ኢሎም መለሱ። ድሕሪ እዚ ሕቶ ይኩን ርኢይቶ ዘቕረበ ሓደ ሰብ እኮ ኣይነበረን

እቲ ዋዕላ ተዛዚሙ። ጄነራል ተሾመ ኣብ መኪና ተወጢሖም ናብ 'ፎርቶ ገጾም መረሹ። ብኡ -ንቡኡ ድሕሪ ሒደት ደቓይቅ ድማ ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊት '27ኛ ' ሜካናይዝድ ብርጌድ ድማ ነቲ ዝተዋህበ ወተሃደራዊ ትእዛዝ ካብ ጄነራል ተሾመ ምእንቲ ክፍጽም፣ኣብ ናይ ጽዕነት መካይን ንብረት እቲ ክፍለ ጦር ሰራዊትን፥ ንብረት ናይ ዉልቀ-ሰባት ዘመቲ(ዘመቻ) ተጻዒኖም 'ሆ' እንዳ በሉ፡ ብልዑል ወኒ ዜማታት ፈኸራን ጉራን እንዳ ዜሙ ከሙኡ'ዉን ዘራፍ ዘራፍ እንዳበሉ ናብ ዶግዓሊ ገጾም ተመርቀፉ። ❊❊❊❊❊

ግን ! ሕማቅ ኣጋጣሚ ኮይኑ እቲ ዜማታት ፈኸራን ጉራን፣ ዘራፍ- ዘራፍን ቀልጢፉ'ዩ ተኾሊፉ።

እንቲ ምንታይ'ሲ! እሰም ካብ ቅርዓት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ወጺኦም ጸሊም ጽርግያ መስመር ምጽዋዕ-ኣስመራ ሒዞም፡ ብግምት ሓደ ሸዉዓተ ኪሎ-ሜትር ንቕድሚት ምስ ተጓዓዙ፡ ሃንደበት ምስ ገለ ኣባላት ሓይሊታት 'ሻለቓ' ኣጋር ጦር-ሰራዊት ምስ ኣብ ሕሱም ኩናት ምስ ሻዕብያ ዝወዓለ ' 3ኛ ብርጌድ' ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ስለ ዝተራኸቡ። እቶም ዝበዝሑ ኣባላት እቲ ኣጋር ጦር-ሰራዊት ድማ ብጥይት ሻዕብያ ቆሲሎም (ተወጊኦም) ነቲ ጎልጎል መሊኦሞ ናይ ጻዕረ-ሞት ቃንዛ ይቅንዘዉ'ን፣ "ጽሩይ-ማይ ኣስትዩኒ! ብሽም ዝፈጠረትኩም ኣደ ቅድስቲ ማርያም። " ኢሎም ከብዲ ወዲ ኣዳም ዝበልዕ ልመና ይደሃዩ ስለ ዝነበሩ።

ኣዛዚ '27ኛ' ሜካናይዝድ ብርጌድ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብእግሪ ግዕዞ ናብ ዶግዓሊ ክምርሽ፣ እቶም ዉግኣት ድማ በተን ጺዒነን'ኦም ዝመጸ ናይ ጽዕነት መኪና ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተጓዒዞም፡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ክረኽቡ ከም ዝሓይሽ ኣሚኖም ወሰኑ።

ብመሰረት ትእዛዝ ኣዛዚ '27ኛ' ድማ ኣባላት ብርጌድ ጦር-ሰራዊት '27ኛ' ሜካናይዝ ብርጌድ ከኣ ኣብ ናይ ገዛእ ሻለቃ (ሓይሊ) ተጠረኒፎም እቲ እግሪ ግዕዞ ኣሃዱ ኢሎም ፈለምዎ።

ኩለን'ተን ናይ ጽዕነት መካይን ድማ ነቶም ዉግኣት ጽዒነን ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ገጸን ተመለሳ።

ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ነገር እንተ ኣሎ! ኣብታ ሓንቲ ንጽልቲ መዓልቲ ጥራሕ ልዕሊ 300 ሬሳ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት፡ ምስቶም ዉግኣት ሓቢሩ ናብ ከተማ ምጽዋዕ ተጓዒዙ፡ ኣብ "ኣማተረ" መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፡ ብኽብሪ ሓመድ-ኣዳም ንኽለብስ ከም እተገብረ ኢዩ።

"ኣማተረ" ሽም ሓደ ገዛውቲ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዝርከብ ቦታ ኢዩ። ኣማተረ፣ እቲ ሻዕብያ ኣብ ቲ ቀዳማይ ፈተነ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንኽቆጻጸር ዝተንቀሳቀሶሉ እዋን ካብ 1977 ዓ.ም. ስጋብ 1979 ዓ.ም. ፈረንጂ፡ ኣብ ምክልኻል ከለዉ ዝተሰዉኡ ኣባላት ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና፡ ኣዕጽምቲ እዞም ጀጋኑና ካብ ፈቐዶ ኣኽራናትን ስንጭሮን ተኣካኺቡ፡ ብዉሕዱ ኣብ ሓደ ጋህሲ ልዕሊ ናይ 10 ሰባት ኣዕጽምቲ ዝተቐብረሉ ኣዝዩ ታሪኻዊ ስፍራ ኢዩ።

እቲ ኣሰላልፋ ኣብዮታዊ '27ኛ' ክፍለ ጦር-ሰራዊት፡ ኣብቲ ግዕዞ ብእግሪ ናብ ዶግዓሊ፡ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ተጻሒፉ ዘሎ ኢዩ ዝነበረ።

እቲ ቐንዲ ላዕለዋይ ኣዛዚ ብርጌድ’ን፥ እቲ ናይ ጠቕላላ ፖለቲካዊ ጉዳያት'ቲ ብርጌድ ሓላፊ’ን፥ ኣብ ማእከል ጸሊም ጽርግያ መስመር ‘ምጽዋዕ-ኣስመራ’ ተሰሪዖም፡ ብየማናይ ሸነኽ ክልተ ኣጋር ጦር-ሰራዊት ‘ሻለቓ ’ብርጌድ፥ ብጸጋማይ ሸነኽ ካኣ ሓደ ኣጋር ጦር-ሰራዊት ‘ሻለቃ’ ብርጌድ ኣሰሊፎም፥ ኣብ ቅድሚት ካኣ ታንከኛታትን፥ ናይ እንዳ ስለያ ተዋጋኣቲ ሓይሊ ጦር-ሰራዊትን ካልእ ካልእን ክፍልታት ኣሰሊፎም ይጓዓዙ ነበሩ።

እቲ ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ብርጌድ ‘27ኛ’ ገና ኣሃዱ ኢሉ ሓደ ክልተ ኪሎ- ሜትር ንቕድሚት ከይሰጎመ ኸሎ ብገለ ብቅድሚ መስመር ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ሻዕብያ ተራእዮም። እቲ ሓበሬታ ናብ ሓለፍቲ ሻዕብያ ስለ ዝተመሓላለፈ እቲ ኣብዮታዊ ሰራዊትና መፍቶ ኣሃዱ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ኮነ። መዳፍዕ ብኤም’ን፥ ዙ-23 ጸረ-ነፈርቲ’ን፥ ከም ዝናብ ሓምለ-ሰነ ዘነበ። ግብረ-መልሲ እዚ ድማ ኣብዮታውያን ታንከኛታት ንሻዕብያ ዝቀንዔ መዳፍዕ ተኮሱ። እቶም ኣብዮታዊያን ኣሃዱ ከቢድ-ብረት እዉን ብግዲ’ኦም ብከበድቲ መዳፍዓት ንዶግዓሊ ኣናወጽዋ። እቲ ቦታ ገሃነም-ብእሳት ሲኦል መሰለ።

እቲ ኩነታት ከም እዚ ኢሉ ከሎ፣ እቲ ኣጋር ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና እቲ ዝወደቀ ወዲቁ፡ እቲ ዝተረፈ ንቕድሚት እንዳ ገስገሰ ከሎ፣ ኣነ ኣብ ሽሙ ዘይፈልጦ ቦታ ካብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሓደ 17 ኪሎ-ሜተር ሪሒቁ ዝርከብ ቦታ፡ ምስ ኣጋር ተዋጋእቲ ኣባላት ሻዕብያ ፊት-ንፊት ተራኸበ። ብኡ-ንብኡ ድማ እቲ ኩናት ረስኒ ወሲኹ ድምጺ ብሬን ካላሽን ከም ሕሱም ነቀወ።

ኣጋር ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ብልዑል ወኒ “ሓዞ ፥ በሎ ቕተሎ ፥ ቅጽዓዮ ኣባርሮ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ወይ ሞት፥ ብመሪሕነት ብጻይ መንግስቱ ሃይለማርያም ንቕድሚት ክንስጉም ኢና” ኢሎም እንዳ ፈከሩ፣ ከም'ዛ ዋዛ ከይ’ተረድኦም ኩናት ኢድ- ብኢድ ምስ ሻዕብያ ገጠሙ።

እቲ ኩናት ኢድ-ብኢድ ኣዝዩ ኣሰቓቒ ኢዩ ኔሩ።

“ኩናት ኢድ-ብኢድ ” ማለት ብወትሃደራዊ ርድኢት “ክልተ ተጻባእቲ ወገናት ኣጋር-ሰራዊት ወተሃደራት፡ ኣብ ሓደ ዓውደ-ኩናት ካብ ከልተ ስጋብ ሚእቲ መትሮ ኣብ ዘሎ ርሕቐት፡ ፊት-ንፊት ተጋጢሞም ዘካይድዎ ኩናት ማለት ኢዩ።

“ኩናት ኢድ-ብኢድ” መዓንጣ ሰባት ብሳንጃ ክዝልዘል፥ እቲ ክቡር ክፍለ-ኣካላት ወዲ ኣዳም ሰብ ብልዑል ጥበብ ፈጣሪ ዝተሰርሐ፡ በቲ እከይ ሰብ ዝመሃዞ በንባ-ኢድ ክፍንጀር እትርእየሉ ሕሱም ህሞት ኢዩ።

“ኩናት ኢድ- ብኢድ “ እቲ ሓቀኛ መልክዕ ኩናት እንከይ’ተኮሓሓለ ብኹሕሊ ፖለቲካ ከሎ፡ እቲ ኣዝዩ ኣስካሕካሒ ኩፉእ መልክዕ ናይ ኩናት ኣጕሊሑ ዘርኢ ኣጋጣሚ እዉን ኢዩ። ኩናት ኢድ- ብኢድ ብፍልስፍና ‘ቅተል ከይትቕተል’ ኢዩ ዝምራሕ። እቲ ጠያይቲ ዝወድአ ሰብ፡ ብነተጉቲ በንባ-ኢድ ቦሊበል ምስ ጸላኢ ይጻወት። እቲ በንባ-ኢድ ዝወድአ ድማ

ብሳንጃ ኢዩ ዝቆራቆስ። እዚ ኣገባብ ኲናት እዚ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ሂወት ዝቀዝፍ ሕሱም ኣገባብ ኲናት ኢዩ።

እቲ መቅዘፍቲ ማዓልቲ ኢዩ ዝውስኖ።ዝያዳ መቅዘፍቲ ኣብ ሓደ ወገን ናይ ቶም ተጻባእቲ፡ ወይ ኣብ ክልቲኦም ተጻባእቲ ብማዕረ ከጋጥም ይኽእል ኢዩ።

እዚ ኮይኑ እቲ ዉጽኢት እቲ ብዘየገድስ “ቡዙሕ ሂወት ዘጥፍእ ሓደገኛ ኣገባብ ኲናት ኢዩ” ዝብል ኣምር ሰነ-ሓሳብ ከስምረሉ ይመርጽ።

ኲናት ኢድ- ብኢድ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ብጠመተ ዉትህድርና፡ ግርም ጌርካ ሕድሕድካ ትፋለጠሉ መድረኽ ኢዩ። መን ኢዩ ፈራሒ! መን ኢዩ ጅግና! ዝልለየሉ መድረኽ “ሽንግርዋ” ኲናት ኢዩ።

ግን ነቲ ናይ ሽዑ ኲናት ካብቲ ልሙድ ኲናት ፉሉይ ዝገብሮ እቶም ኣሃዱ ከበድቲ ብረታት ናይ ክልቲኡ ወገናት፡ ነቲ ደብዳብ ናይ ከቢድ-ብረት ብመልክዕ ኲናት ኢድ-ብኢድ ኣትሒዞሞ ስለ ዝነበሩ ኢዩ።

ኣሃዱ ከቢድ-ብረት ‘27ኛ’ ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊትና ከበድቲ መዳፍዕ ታንክታትን፥ ቢ ኤም 21 ሮኬታትን(BM 21 rocket Launcher)፥ በዙ 23 ጸረ-ነፈርቲ ሚሳይልን(BZU-23 Aircraft)፥ ኣብ ዝባን'ቲ ሻዕብያ ዝዓረደሉ ቦታ ኣዝኒቡ ኣብ ሓደ ህሞት ሽዱሽተ ታንክታት ሻዕብያ ኣቃጸለ።

እቲ ኣጋር ኣብዮታዊ ሰራዊትና ድማ በዚ ደገፍ ካብ ኣሃዱ ከቢድ-ብረት ዝረከቦ ተሓጊዙ ልዕሊ 600 ሚእቲ ኣጋር ሰራዊት ሻዕብያ ደምሲሱ ብዙሕ ዝተፈላለየ ፈኮስቲ ብረታት ማረኸ።

ድሕሪ እዚ ናይ ምዉጋእ ወኒን ሞራልን ሻዕብያ ባይታ ዘቢጡ፡ ብግምጣሉ ድማ ወኒን ሞራልን ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ሰማይ ዓሪጉ፡ ኣብ ዉሽጢ ናይ 90 ደቓይቕ ኲናት ቀዳማይን ዳሕረዎትን ዕርድታት ሻዕብያ ኣፍሪሱ ን’ዶግዓሊ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ተቖጻጸረ።

ዶግዓሊ ኣብ ኢድ ቁጽጽር ኣብዮታዊ ሰራዊትና ምስ ኣተወት፡ ኣዛዚ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’ ናይ ብስራት መልእኽቲ ብመገዲ ወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ናብ ጄነራል ተሾመ ተሰማ ኣማሓላለፈ።

“ እቲ ጅግና ‘27ኛ’ ሜካናይዝድ ብርጌድ ንኣባላት ሻዕብያ ከም ቆጽሊ ኣሪጊፉ ሎሚ-ምዓልቲ ዕለት 10 የካቲት 1990 ዓ.ም. ፈረንጂ ዶግዓሊ ተቖጻጺርዋ ኣሎ ” በለ ብትምክሕትን ኲርዓትን ክትኮስ ደልዩ ዘቅቢቡ።

ጄነራል ተሾመ እዚ መልእኽቲ ምስ በጽሖም ከም ሓደ ህጻን ቆልዓ ንዝናፈቓ ኣዲኡ ዝረኸበ፡ ዝዓይነቱ ብዝመስል ዓይነት ሓጎስ ፈንጠዝያ ኢዮም ተሓጊሶም።

“እሺ ኣንበሳ። እንታይ ትደሊ ጸማ ድካምካ ክህበካ! ’’

“ ኣጆካ። ጥራሕ እዚ ኩናት ብዓወት ይዛዘም እንበር! ኣነ ንዓካ! እንታይ ዓቢ ነገር ከም ዝገብረልካ ኣነ ጥራሕ ኢየ ዝፈልጦ። እቲ ኣነ ዝገብረልካ ነገር ካኣ ብርግጽ ደስ ከም ዝብለካ፡ ከም ጥምየት ከብደይ ኣረጋጊጸ ኢዩ ዝፈልጦ” በሉ።

እቶም ጄነራል ሰራዉር ደም ግንባሮም ተወጢሩ ከሎ ብደስታ፡ መንዲሎም ኣውጺኦም ነቲ ናይ ደስታ ንብዓቶም ድሕሪ ምጽራጎም፣ ንሓለቓ ሚእቲ “በንቲ” ብቕልጡፍ ንቖንዲ ማእከላይ እዚ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ዶግዓሊ ሓራ ምዉጽኣ ከበስር ኣዘዙ።

መልሲ ካብ ሓለቓ ሚእቲ “በንቲ” ከይተጸበዪ ኸኣ ንሩሑቕ ኣቅሪቡ ዘጉልሕ መሳርሒ (ሚኒኮለ) ኣልዒሎም ኣብ ዶግዓሊ ኣነጺሮም ተመልከቱ።

ጻሓይ ዕራርቦ ኮይኑ ኔሩ። ኣብ ሸነኽ ምዕራብ ዶግዓሊ ብልጭታ ከቢድ-ብረታትን ፈኮስቲ ጠያይን ኣብዮታዊ ሰራዊትና ዝትኩሶም ይርኤ ኔሩ። እዚ ምስ ተዓዘቡ ጄነራል ተሾመ ልቦም ብደስታ መልኤ። በቃ ፍሽኽታ ብፍሽኽታ ኮኑ።

እቲ ፍሽክታ ጄነራል ተሾመ ግን ነዊሕ ኣየ’ሳሰዮምን።

ሻዕብያ ወላ እኳ እቲ ጸረ-መጥቃዕቲ ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘27ኛ’ ሜካናይዝ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኮይኑ ምጽዋሩ ስኢኑ እንተ ኣዝለቀ፡ ንምሸቱ ሰዓት ዓሰርተ-ሓደ ምሸት ብሜካናይዝድን ኮማንዶን ብርጌዳት ተዓጂቡ ተመሊሱ ከቢድ መጥቃዕቲ ገበረ። እቲ መጥቃዕቲ ሻዕብያ፡ ‘27ኛ’ ብርጌድ ምስ ‘3ኛ’ ሜካናይዝድ ክፍለ-ጦር ተሓባቢሩ ክንሱ ክምክቶ ኣይከኣለን።

ሻዕብያ ብብቕዓት ዉግእ ኣጋር ሰራዊትን፡ ብሜላ ኣጠቓቕማ ከቢድ-ብረትን ካብ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ጸብለል ኢሉ ተረኽበ።

ኣብዚ ኩናት ሻዕብያ ቅድሚ ሕጂ ተራእዪ ብዘይ ፈልጥ ኣገባብ ኢዩ ገጢሙና። ማእለያ ዘይብለን ታንክታትን፣ ብዙሓት ድሩዓት ከቢድ ብረት ዝተሰከማ ናይ ጽዕነት መካይንን፣ ጸረ-ነፈርቲ መዳፍዕን ኣሰሊፉ ኢዩ ገጢሙና።

ስለዚ ድማ ሻዕብያ ንሓይሊታት ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ደሚሲሱ ሰዓት 19:45 ምሸት፡ ዳግማይን ንሓዋሩን ዶግዓሊ ተቖጻጺርዋ።

ሻዕብያ እዚ ከይኣኸሎ ኣብ ከባቢ ሰዓት 20:00 (8:00) ምሸት ንኣብዮታዊ ሰራዊትና

ከሰንብድን ሞራሉ ንኸሕምሽሽን ካብ ግንባር ዶግዓሊ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከም ሕሱም ደብደበ።

ሻዕብያ ከም እቲ ዝሓሰቦን ዝወጦኖን ድማ ኮነ። ኣብ ሰራሕተኛታት ወደብ፥ ኣብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪብ (ሰምሃር)፥ ኣብ ሰራሕተኛታት ሰልፊ ኢሰፓ፥ ኣብ ኣባላት ፖሊስን ድሕነት ሃገርን፥ ኮታ ብጠቕላላ ኣብ ኩሎም ነበርቲ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዓቢ ራዕዲ ፈጠረ።

ከም ሳዕቤን እዚ ድማ ሸሞንተ ዓበይትን ማእኮሎትን ንግዳውያን መራኽብ ኣብ ደንደስ ወደብ ምጽዋዕ ተጸጊወን ጽዕነተን ዘራግፋ ዝነበራ ብቕጽበት ናብ ወደብ ዓሰብን ደሴታት ዳህላክን ገጸን ሃደማ።

ኣብ ሓጺር ግዜ እቲ ዓወት ብግምጣሉ ኮይኑ ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት ክፍለ ጦር-ሰራዊት '27ኛ' ተሰዉኡ። እቶም ዝተረፉ ኣባላት '27ኛ' ኸኣ ኣብ ፈቖዱኡ ፋሕ ጭንግራሕ ኢሎም ብዘይ ኣላዪ ተረፉ።

ሻዕብያ ሓይሉ ኣደላዲሉ ንቕድሚት ገጹ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከፈተ። ቀጺሎም ጄነራል ተሾመ ብሓዘን ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓወት ናይ ሻዕብያ መልእኽቲ ናብ ላዕለዋይ ሓላፊኦም ጄነራል ሑሴን ጸብጸቦም ኣመሓላለፉ።

ጄነራል ሑሴን ነዚ ምስ ሰምዑ ብስንባደ፡ ኩሉ ወተሃደራዊ ሰነዳትን ምስጢራትን ገንዘብን፥ ሰነዳት ሰልፊ ኢሰፓን፥ ብህጹጽ ብፈጣን ጀላቡ ተጻዒኑ ናብ ደሴታት ዳህላክ ክልኣኽ፡ከሙኡ'ዉን ኩሉ ዓቕሞም ኣኻኺቦም ኣብ ምክልኻል ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከድህቡ ትእዛዝ ኣመሓላለፉ።

ይቕጽል.............



- <u>ጀነራል ሑሴን ብሕርቃን የዕንቶም ዓህሪ መሲሉ ሕርቃኖም ምቁጽጻሩ ስኢኖም፤</u>

  “እቲ ዝመጽአ ይምጻእ ! እቲ ዝተከፈለ ዋጋ ይከፈል እንበር! ንሕና ብሂወት ከለና ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ብሻዕብያ ክትድፈር ኣይነፍቅድን ኢና።’’

  “እቲ ዘሎን ዘየሎን ዓቅሚ ሰብን ብረትን ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣኻኺብና፡ ነቲ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ-ምጽዋዕ ናይ ግድን ክንከፍቶ ኣለና። ነዚ ክንገብር ሓሞትን ዓቅምን እንተ ዘይብልና ግን! ኣብ ታሪክ ኩናት ኤርትራ ተሰሚዑን ተራእዩን ዘይፈልጥ ክሳራ ከስዕበልና ከም ዝኽእል ክንግንዘቦ ይግባኣና::

  እወ! ንሕና ብሂወትና ከለና ብጎሮሮና ተሓኒቕና ከም ደርሁ ኢና ክንሓልቕ!!! እዚ ፍጻሜ እዚ ድማ ብፍጹም ኽከዉን ዘይብሉ ነገር ኢዩ።

እዚ ፍጻሜ እዚ ኣሸንኳይ 'ዶ ኣብ ጋህዲ ዓለም፡ ኣብ ሕልሚ ለይቲ እኳ ክትሪኦ ዘይትደሊ ዘፍርሕ ትሪኢት ኢዩ” ኢሎም ንገለ ካልኢታት ትም በሉ።

ቀጺሎም ብ’ግሁይ ሓፊስ ትሑት ድምጺ ፡

“ ኣነ ንብጻይ ኣብዮታዊ ቆራጽ መራሒና ኣቦወንበር መንግስቱ ሃይለማርያም ዶግዓሊ ተቆጻጺርና'ያ ኣለና ኢለ፡ ዓንተቦ ጸብጻበይ ኣመሓላሊፈ ከብቅዕ፡ ኣብ ዉሽጢ ፍርቂ ሰዓት ዘይመልእ ግዜ ከኣ ሕጂ ተመሊሰ ዶግዓሊ ሻዕብያ ተቆጻጺሮማ ኢለ ጸብጻብ ከሕልፍ ኣዝዩ ዘሕፍረኒ ነገር ኢዩ።

ስለዚ ‘ተሼ’ ሕጂ’ዉን እንተኾነ ‘ክንብል በለ እምበር ኣይተካዕወን’ ኢዩ ዘሎ እቲ ነገሩ እቲ ዘሎን ዘየሎን ሓይሊ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ኣኻኺብካ፡ ዶግዓሊ ብዝተካእለ ቅልጣፈ ዳግማይ ናይ ግድን ክትቆጻጸራ ኣለካ’’ በሉ።

ጀነራል ተሾመ “ እሺ ጎይታይ! እቲ ትእዛዝ ብሓጎስን ፍስሃን ተቀቢለ ክፍጽሞ ድልዉ ኣለኩ” ኢሎም ብግዲ’ኦም ክምልሱ ጀመሩ።

ጀነራል ተሾመ ኣስዒቦም “ነገር ግን! እቲ ሕጂ ኣብ ኢደይ ዘሎኒ ዓቅሚ ኣዝዩ ዝተዳከመን ዝተበታተነን ኢዩ።

ኣነ እቲ ኣዝየ ዝኣምነሉን ዝምካሓሉን ዝነበርኩ ‘27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ ክፍለ ጦር-ሰራዊት እንተ ኮነ እዉን፡ ኣብ እዚ ናይ ዓንተቦ ኩናት ኣዝዩ ኢዩ ተጎዲኡ። ግን! ዋላ እዚ ይኹን እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ህልው ኩነታት እንበር፡ ኣነ ጽባሕ ኣብ ኣጋ-ወጋሕታ እቶም

ዝርካቦም ትራፍ-ምራፍ ክፍለ ጦር-ሰራዊትና ጠራኒፈ፡ ዳግማይ ዉደባ ጌረ፡ ጸረ መጥቃዕቲ ኣብ ግንባር ዶግዓሊ ክገብር ኢየ’’ በሉ።

ኣልግብ ኣቢሎም ድማ እግረ መገዶም ገምጋም ጌጋታት ኣብ ናይ ዓንተቦ ኩናት ሃቡ።

“ዓንተቦ ንሻዕብያ ጉንዲ-እዝኑ ጸፊዕና ምስ ኣባረርናዮ፡ ሻዕብያ ካብቲ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዝነበረ ሰራዊቱ ነክዩ ረዳኢ ሓይሊ ኣምጺኡ ኢዩ ጉድ ጌሩና ዘሎ። ኣብቲ ሸዑ እዋን፡ ንሕና ምስቲ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዘሎ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ተሓባቢርና ንሻዕብያ ኣጥቂዕናዮ እንተ ንከዉን ኔርና፡ሻዕብያ ሕጂ ኣብራኹ ተቀርሲሙ፣ንሕና እንከይ’ተኮስናሉ ከለና ኣብቲ ዝስዕብ ግንባራት ብፍቓዱ ከም ኣመሉ ናብ ኣኽራናት ሳሕል ምስ ኣዝለቐ ኔሩ። ስለዚ ጽባሕ እቲ ኣብ ጊንዳዕ ዘሎ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ኣብ ‘ናይ ዜሮ ሰዓት’ መጥቃዕቲ፡ ምሳና ሓቢሩ ሰፊሕ ጸረ-መጥቃዕቲ ክገብር ኣለዎ፡ ሻዕብያ እቲ ብቅድሚትን ብድሕሪትን ንገብሮ መጥቃዕቲ ክጻወር ብቕዓት የብሉን! ጎይታይ እመኑኒ!!! ሻዕብያ እግረይ ኣዉጽእኒ ኢሉ፡ ከም`ተን ኣህባይ ናይ ኣርበሮቡዕ ንድሕሪት ናብ ኣጻድፍ ክሃድም ኢዩ’’ በሉ።

ጄነራል ሑሴን ብጽሞና ጽን ኢሎም ሓሳባት ጄነራል ተሸመ ተሰማ ድሕሪ ምስማዕ፣

“ተሼ’’ ኢሎም ግብረ-መልሲ ክህቡ ጀመሩ።

እቲ ርክብ እዞም ክልተ ጄነራላት፡ ካብ ኪኖ ተራ ርክብ ስራሕ ዝሰገረ፡ ኣብ ዕርክነት ዝዛዙ ስለ ዝነበረ፣ ጄነራል ሑሴን ንጄነራል ተሸመ መብዛሕትኡ ግዜ “ተሼ” ኢሎም ኢዮም ዝጽውዕዎም ዝነበሩ።

“ተሼ! እዛ ምድሪ ዝወለደት ትዉለድ እንበር! እዚ ኩናት እቲ ዝሓተተ ዋጋ ይሕተት እንበር!’’ሓደ እንኮ ምርጫ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ስዒሩ ክወጽእ ጥራይ ኢዩ፣ እዚ ኩናት እዚ ናይ ሞትን ህይወትንን ኩናት ኢዩ።

ጽባሕ፡ ኣነ ባዕለይ ጊንዳዕ ወሪደ ነቲ ኩናት ክመርሖ ኢየ። ኣጀኻ 'ተሼ'፡ ጽባሕ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ-ምጽዋዕ ብሕቡር ቅልጽምና ከነክፍቶ ኢና ” ኢሎም ሞራልን ተስፋን ንጄነራል ተሸመ ኣስኒቆም ተሰናበትዎም።

※※※※※

ሬድዮ ርክብ እቶም ክልተ ጄነራላት ምስ ኣኽተመ። ድሕሪ ሒደት ደቃይቅ እቲ ኦፕሬተር ሬድዮ ጄነራል ተሸመ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ‘27ኛ’ ሻለቃ ‘ሸዋንታዮ’ ምስ ጄነራል ተሸመ ክራከብ ጠሊቡ፡ ኣብ መስመር ይጽበይ ከም ዘሎ ሓበሮም።

ጄነራል ተሸመ፡ “ ይስማዕ ዶ! ኣሎ ‘ ቀጮኔ’። ኣነ ‘ኣዉራሪስ’ ኢየ ” በሉ። እቲ ማይክሮፎን ኢድ ሬድዮ ርክብ ብየማናይ ኢዶም ጨቢጦም።

ኣብ ዕለት 10 ለካቲት 1990 ዓ.ም. ፈረንጂ ምስጢራዊት ሽም ጄነራል ተሾመ ኣብ መስመር ወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ “ኣዉራሪስ’’ ኢያ ኔራ።

ኣብ መስመር ሬድዮ ወተሃደራዊ ርክብ፡ እቲ መስመር ሬድዮ ርክብ ጸላኢ ጠሊፉ እቲ ላዕለዋይ ሓላፊ ወይ ኣዛዚ ዝርከበሉ ቦታ እንተ ፈሊጡ፣ ነቲ ድሕነት ላዕለዋይ ኣዛዚ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት ክፍጠር ስለ ዝኽእል፡ ኩሎም'ቶም ላዕለዎት ሓለፍትን፥ ኣዘዝትን መራሕትን ሰራዊት በብዕለቱ ዝቕየር ምስጢራዊ ኣስማት፡ መዓልታዊ ተጠሚቆም ኢዮም ዘዕልሉ። ሻለቓ ሸዋንታዮ “እወ ይሰምዓካ ኣለኩ ‘ኣዉራሪስ’” በለ። ኣስዒቡ ድማ፡ "ክልተ ኣባላት ሻዕብያ ማሪኽና ኣለና፡ እቲ ሓደ መራሒ ሓይሊ ኢዩ። እታ ካልኣይቲ ድማ ጓል-ኣንስተይቲ ኦፕሬተር ሬድዮ ርክብ ኢያ። ድሮ ሕጂ ሰዓት ሸሞንተ ምሸት ኮይኑ ኣሎ። ንሕና ኸኣ፡ እቲ ተበታቲኑ ዘሎ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ኣብ ምጥርናፍን፥ ኣብ ዳግመ ዉዳበን ንርከብ ኣለና። ከምዚ ስለዘሎ እቲ ኩነታትና ሙሩኻት ሒዝና ንየዉ ነጀዉ ክንብል ኣይጥዕመናን ኢዩ። ስለዚ እዞም ሙሩካት ሻዕብያ ክንርሽኖም ተዳሊና ኣለና " ኢሉ ገና እቲ ዘረባ’ኡ ከይዛዘመ ከሎ፣

ጄነራል ተሾመ “ብፍጹም” ኢሎም ዘረባ’ኡ ኣቋረጽዎ።

“ብፍጹም ክትርሽኖም የብልካን፡ የግዳስ ብኽልተ ሓለወቲ ወተሃደራት የዔጅብካ ናብ ሓላፊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ጎስጓስን-ሓበሬታን ሻለቃ ‘ፈይሳ’ ልኣኮም ኢኻ’’ በልዎ።

ጄነራል ብድሕሪ'ዚ ኣዕሚቆም ንፋስ ካብ ግዳም ንዉሽጢ ሲሒቦም እንደገና ንግዳም ትንፋሶም ኡፍፍፍ በሉ።

“ ኣታ ወዲ ኣስተዉዕል። ተሪር ትእዛዝ ኢየ ሂበካ ዘለኹ! እዚ ትእዛዝ እንተ ዘይፈጺምካዮ ጵባሕ ንግሆ ክትሕተተሉ ኢካ!

እዞም ሙሩኻት ምስ ትንፋሶም ንዝምልከቶ ኣካል ኣረክቦም’’ ኢሎም ንርዝነት እቲ ኣገዳስነት እቲ ትእዛዝ ኣስመሩሉ።

ድሕሪ እዚ ኹሉ፡ ጄነራል ተሾመ ትእዛዝ ጄነራል ሑሴን ንክፍጽሙ ብስልኪ ሽቦ ኤለትሪክ (ናይ ገዛ ቴሌፎን) ናብ ሻለቃ ‘ሃይሉ’ ቀዳማይ ሓላፊ ‘እዝ’ መሪሕነት ኣብዮታዊ ሻድሻይ ክፍለ-ጦር ደወሉ።

ሻለቃ ሃይሉ ጻዉዒት ቴሌፎን ተቀቢሉ “እሺ! ጎይታይ እንታይ ክእዘዝ! ’’ በለ።

ጄነራል ተሾመ ድማ እቲ ኩሉ ሰነዳት ክፍለ ጦር-ሰራዊትን፥ ሰነዳት ሰልፊ ኢሰፓን፥ ጥረ ገንዘብ ብር ደሞዝ ወትሃደራትን ካልእን፥ ጠራኒፉ ብፈጣን ጃልባ ናብ ደሴታት ዳህላክ ብህጹጽ ብእሙን መልእክተኛ ከስግሮ ኣዘዝዎ።

ሻለቃ ሃይሉ “ እሺ ጎይታይ። እቲ ትእዛዝኩም ብሓጎስ ተቀቢለዮ ኣለኹ። እንተ ኮነ ግን እቲ ደሞዝ ወርሒ ጥሪ ፍሉያት ክፍልታት ድሮ ወጺኡስ፡ ኣብ ኢድ ሓላፊ ቁጦባ ሻለቓ ‘ለገሰ ሃይሉ’ ኢዩ ዘሎ ”

“እዚ ገንዘብ እዚ ብኣሃዝ ክጽብጸብ ከሎ ልዕሊ ፍርቂ ሚሊዮን ብር ኢዩ። እዚ ገንዘብ እዚ ድማ ደሞዝ ወርሒ ጥሪ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ገና ዘይ’ተከፍሎም ዘሎ ኢዩ ጄነራል! እንታይ እንተ ገበር’ና ድኣ ይሓይሽ? ” ኢሉ ብትሕትና ተወከሶም።

እዚ ምስ ሰምዑ ጄነራል ተሾመ ኣዝዮም ተቆጥዑ። “ኣብ ኩናት ኢና እኮ ዘለና ፡ ደሞዝ ዘድልዮ ወትሃደር የለን! ጽባሕ ንሻዕብያ ምስ ኣባረርናዮ፡ ድሕሪኡ መን ተሰዊኡ! መን ተሪፉ! መን ተወጊኡ! መን ከዲዑ! ኣጻሪና ፡ነቲ ደሞዝ ዝግብኦ ወትሃደር ብዉህሉሉ ደሞዙ ክንከፍሎ ኢና። ግን! ኣብዚ ህሞት’ዚ ኣሽንኳይ ደሞዝ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ክንከፍል’ሲ ድራር ዕለቶም ኣብ ሰዓቱ ክን'ዉዝዓሎም እዉን ኣይከኣልናን ዘሎና። ስለዚ! ዕግርግር ንስርቂ፡ የተባብዕ ከም ዝባሃል፣ ካብቶም ጸልማት ተከዲኖም ንብረትን ገንዘብን ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ዝዘርፉ ሽፋቱ እቲ ንብረትን ጥረ-ገንዘብን ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ክንከላከለሉ ኣብዮታዊ ግዴታና (ግቡእ’ና) ኢዩ። ስለዚ ን'ወላ ሓደ ሰብ ደሞዝ ከይትከፍሉ!!!! እዚ ትእዛዝ ምስ ተፈጸመ ድማ ብህጹጽ ጸብጻብ ተቅሩቡለይ” ኢሎም ጽኑዕ ትእዛዝ ኣመሓላለፉ። ኣብ ለካቲት 02 ዓመተ ምሕረት 1990 ፈረንጂ ሰዓት 08:15 ምሸት፣ ሻዕብያ ኣብ ታሪክ ኩናት ኤርትራ ሓድሽ ታሪኽ ኣመዝገበ።

ሻዕብያ ሃንደበት ኣብ ኩሉ ግንባራት ኣዉራጃ ሰምሃር ዘካይዶ ዝነበረ ኩናት ጠጠዉ ኣቢሉ፡ ኣብ ሸነኽ ሰሜን ምጽዋዕ ማያት ቀይሕ-ባሕሪ ኣብ ‘መደብ’ ሓይሊ-ባሕሪ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፣ ንመጀመርታ ግዜ ብተዋጋእቲ ፈጣን ጀላቡ ካብ ማያት ቀይሕ-ባሕሪ መጥቃዕቲ ፈነወ።

እቲ ብልጭታ ከበድቲ-ብረታት ካብ ፈጣን ጀላቡ ሻዕብያ ዝትኮስ ዝነበረ ንቀይሕ-ባሕሪ ለይቲ ከሎ ቀትሪ ኣምሰሎ።

እዚ ሓድሽ ፍጻሜ እዚ ኣብ ኣእምሮ ላዕለዎት ኣዘዝቲ'ን፥ ተራ ወትሃደራት'ን ክፍለ ጦር-ሰራዊት ዓቢ ራዕዲ ፈጠረ።

እቲ ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ቀይሕ-ባሕሪ ስጋብ ጫፍ ‘ቃሮራ’ ኣብ እቲ ደቡባዊ ሸነኽ ቀይሕ-ባሕሪ ድማ ስጋብ ‘ጢያ’ ክሕሉዎን ኽከላከለሉን ሓላፍነት ዝተሸከመ እቲ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈቱ (እዚ) ኣብ ወደባዊት ምጽዋዕ ‘መደብ’ ኣብ ዝባሃል ዝደኮነ በዚ ዱቦላ ወሪዱ ዘሎ ሓደጋ ኣዝዩ ኢዩ ሰንቢዱ፣

ሻዕብያ!! ኣብ ታሪኩ ብክንድ እዚ መጠን ግዝፍን ዓቅሚ ቶኽሲን ዝደለበ ሓይሊ-ባሕሪ ሻዕብያ ኣሰሊፉ፡ ፊት-ንፊት ምስ ኣብዮታዊ ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ ገጢሙ ኣይፈልጥን ኢዩ። እዚ ተርእዮ እዚ ሓድሽ ናይ መጀመርታ ታሪካዊ ፍጻሜ ኢዩ ኔሩ።

ሻዕብያ እቲ ቅድም ብፍላይ እኳ ድሕሪ 1985 ዓ.ም. ፈረንጂ ብናኣሽቱ ጀላቡ፡ ን መራኽብ ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ ካብ ማዕዶ ቶኪሱ፡ ንኣሽቱ ማህሰይቲ ጌሩ'ዩ ንድሕሪት ዝሃድም ዝነበረ።

ኣብ መብዛሕቲኡ ግዜ ድማ ኣብ ዉሽጢ ሒደት ደቃይቅ ኣብ ሸቶ እተን ኣዝዩ ዝተራቀቀ ዘበናዊ ከቢድ-ብረታት ዝተሓንገጣ መራኽብና ኣትየን፡ ብመዳፍዕ ተወቂዔን ኢየን ዝሰጥማ ዝነበራ። ስለዚ ሻዕብያ ብከምዚ ናይ ሎሚ-መዓልቲ ድፍረት ፈተነ መጥቃዕቲ ብባሕሪ ጌሩ ኣይፈልጥን ኢዩ።

መቸም፡እቲ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ማያት ቀይሕ ባሕሪ ከም ሓደ ዉሑስን እሙንን ደጀን ቆጺሩ፡ ዝባኑ ንማያት ቀይሕ-ባሕሪ ሂቡ።

ነቲ ሙሉእ ኣቃልቦኡ'ን ኣድህቦኡ'ን ኣብ ምኽልካል ኣብ ኩናት ምድሪ ጌሩ ዝነበረ እቲ ብሑጋ (ብድሕሪት) መጺኡ መጥቃዕቲ ዝፈነወ ሓይሊ-ባሕሪ ሻዕብያ ኣብ ሞራል ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትናን፥ ኣብ ንብረት ኣብዮታዊ ሓይሊ-ባሕሪን ዘስዓቦ ክሳራ......

ይቕጽል........




- ልክዕ ኢዩ! እቲ ቅድም ንኣሽቱ ጀላቡ ሻዕብያ ስሕት-ስሕት ኢለን ኣብ ሸነኽ ሰሜን'ን ደቡብ'ን ቀይሕ-ባሕሪ "ኣለና..ኣለና" ንምባል ይንቀሳቀሳ ኔረን ኢየን።

  ንኣብነት ኣብ መንግስታዊ ትካል መጻረዪ ነዳዲ ዓሰብ'ን ፥ ከሙኡ'ዉን ኣብ ወደብ ምጽዋዕ መደብ'ን (ናቫል ቤዝ) ብተደጋጋሚ ካብ ማዕዶ

> ብግምት ሓደ 15 ኪሎ-ሜተር ርሒቀን 'ግራሪፕ' ዝባሃል መዳፍዕ ናይ ከቢድ ብረት ቢ.ኤ.ም.(B.A.M.) ቶኪሰን፣ ናይ ዕንወት ፈተና የካይዳ ኔረን ኢየን። ነገር ግን እዚ ኹሉ ንጥፈታተን ጸላም (ጸልማት) ተከዲነን ለይቲ ጥራሕ ኢየን ዝፍትን'ኦ ኔረን።
>
> እቲ ኣብ 10 ለካቲት 1990 ዓ.ም. ፈረንጂ፣ ሓይሊ-ባሕሪ ሻዕብያ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዝገበሮ መጥቃዕቲ ግን ካብ ቲ ናይ ቅድም ጦርቆሽቆሽ እንዳ በለ ዝፍትኖ ዝነበረ ትርር ዝበለ ሓያል መጥቃዕቲ ኢዩ ኔሩ።

ንሓደ ኣብዮታዊ ዝኮነ ሰብን ስድራ-ቤቱን ድማ ኣዝዩ ዘሰንብድን ዘርዕድን ፍጻሜ ኢዩ ኔሩ።

ጀነራል ተሾመ ኣብቲ መአዘዚ በት'ኦም ኮይኖም ናብ ሓላፊ ሓይሊ-ባሕሪ 'ኮማንዶር ፊሊጶስ' ደወሉ። ኮማንዶር ፊሊጶስ ድማ ጸውዒት ቴሌፎን ተቐቢሉ እቲ ሓዲሽ ኣገባብ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ዘርዚሩ ገለጸሎም።

ጀነራል ተሾመ ድማ ነቲ ሓድሽ ተሰሚዑን ተራእዩን ዘይፈልጥ ፍጻሜ፣ ብኡ-ንብኡ ብስልኪ (ተሌፎን) ነቶም ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበሩ ሓላፊኦም ጀነራል ሑሴን ሓበሩ'ዎም።

ግብረ መልሲ ጀነራል ሑሴን.....

"እዚ እኮ ኣዝዩ ዘገርም ነገር ኢዩ! ኣነ: እዚ ብዓቕሚ ሻዕብያ ጥራሕ ክግበር ዝኽእል ኣይመስለንን። እዚ ጉዳይ ኢድን ግብጺን፥ ሱዳንን፥ ሊብያን ዘለዎ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ ዘሎ" ዝብል ነበረ።

እዚ ኩነታት ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ እቲ ኦፕሬተር ናይ ጀነራል ተሾመ ንወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ናይ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ሓይሊ-ባሕሪ ጠሊፉ ይጸናጸን ነበረ።

እቲ ኦፕሬተር ሓደ ሌፍተናንት ኮማንደር 'ማትዮስ' ዝተባህለ መኮንን ካብ ሓንቲ ተዋጋኢት መርከብ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ናብ ኣብዮታዊ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይሊ-ባሕሪ ዘመሓላለፎ ዝነበረ መልእኽቲ ቀሊቡ ሰሓቦ።

እቲ መልእኽቲ ዝሰምዖ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ይንበብ።

"ኣብዮታውያን ተዋጋእቲ መራኽብ ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ፣ ነቲ ሻዕብያ ብባሕሪ ዝፈተኖ መጥቃዕታዊ ኩናት ኣፈሺለን ብዓወትና ዛዚመንኦ ኣለዋ ስጋብ ሕጂ ሓሙሽተ ተዋጋእቲ ጀላቡ ሻዕብያ ብመዳፍዕ ከቢድ-ብረት ኣብዮታዉያን መራኽብና ተወቂዔን ሰጢሜን ኣለዋ። እቲ ሻዕብያ ዝጀመሮ ሰዓት 20:10 ምሸት መጥቃዕታዊ ኩናት ልኽዕ ሰዓት 22:00

ምሸት ብዓወትና ተዛዚሙ ኣሎ። ኣዝዩ ጵዑቅ ኩናት ብዘይ ዕረፍቲ ንኣስታት 190 ደቃይቕ ዝተካየደ ኢዩ ኔሩ ” ዝብል ነበረ።

እቲ ኦፕሬተር ሬድዮ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ብኡ-ንቡኡ እቲ ዝሰምዖ ብስራት ጸብጻብ ኩናት ናብ ጀነራል ኣመሓላለፈ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፣ በቲ ካልእ መስመር ገመድ ስልኪ (ቴሌፎን) ልክዕ ሰዓት 22:10 ምሸት።

ሻለቃ ሃይሉ ኣየለ ስልኪ ናብ ጀነራል ተሾመ ደዊሉ..... "ኩሉ ሰነዳት ናይ ክፍለ ጦር-ሰራዊትን፣ ሰነዳት ሰልፊ ኢሰፓን፣ ደሞዝ ወተሃደራትን (ገንዘብ) ንሓላፍቲ ማዕከን ቁጠባ ‘ሻለቃ ለገሰ ሃይሉ’ን፣ ንዋና ተቆጻጻሪ ማዕከን ቁጦባ ‘ሻለቃ ባሻ በቀለ ለሜሳ’ ፥ ንቀዳማይ ተጸዋዒ ሰልፊ ኢሰፓ ‘ሻለቃ ዓለማየሁ ኣየለ’ን፣ ብሓባር ኮይኖም ነቲ ተልእኮ ንክፍጽሙ ልዑል ሓላፍነት ኣሰኪመ ኣዚዘዮም ኣለኹ።

ድሮ ሕጂ ኣብ ሓንቲ ‘ኡራል’ መኪና ተጻዒኖም ናብ ሓይሊ-ባሕሪ መደብ (ኖቫል ቤዝ) ገጾም ይጋዓዙ ኣለዉ።

ግን ጽቡቕ ኣሎ! ሕማቅ ኣሎ! መሐለውታ ክኾነና ኢለ ሓደ ሽሕ ብር ኣብ ኢደይ ኣትሪፈ ኣለኹ፡ ጀነራል” ኢሉ ሓበሮም።

ኣስዒቡ ድማ እቲ ናብ ደሴታት ዳህላክ ዝተላእከ ገንዘብ ብኣሃዝ 1,193,000 ( ሓደ ሚሊዮንን፡ ሚእትን ተስዓን ሰለስተን ሽሕ) ብር ሙኳኑ’ን፣ ካልእ ካልእን ደቂቕ ጸብጻባትን ኣቕረበ።

ግብረ መልሲ ጀነራል ተሾመ ንጸብጻብ ሻለቃ ሃይሉ ኣየለ....

"ዓሸሸሸሸ.......እስኻ ጅግና ኣንበሳ እኮ ኢኻ ንስኻ መኩርዒ ዘመዱ ኮርዒዳ እኮ ኢኻ ኣንታ ጅግና ወዲ ጅግና! የቀንየለይ" ዝብል ሞራል ሓፍ ዘብል መልሲ ኢዩ ኔሩ።

ድሕሪ እቲ ጸብጻብ ቴሌፎን ናይ ሻለቃ ሃይለ ኣየለ ምውድኡ፡ ጀነራል ተሾመ ንኦፕሬተር ወተሃደራዊ ሬድዮ ብህጹጽ ምስ ኣዛዚ ኣብዮታዊ ሓይሊ-ባሕሪ ኮማንዶር ፊሊጶስ ከራክቦም ኣዘዝዎ።

እቲ ትእዛዝ ድማ ኣብ ዉሸጢ ሒደት ደቃይቕ ተፈጸመ። እቶም መኮንናት ብቐጥታ ኣብ እቲ ህልዉ ኩነታት ዘሎ ጥልቕ ኢሎም ክዝትዩ ጀመሩ።

ኮማንዶር ፍሊጶስ....

“ ሻዕብያ ሎሚ ‘ጉድ’ ኄሩና ኔሩ ሻዕብያ ሎሚ ‘ጨርቕና ደርቢና ክንዓብድ’ ተሊሙ’ዩ መጺኡ ኔሩ። ግን! ክብርን ሞጎስን ነቲ ጅግና ኣብዮታዊ ሓይሊ-ባሕሪ ይኹን። እቲ ሃንደበታዊ ፈላሚ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ኣብ ባሕሪ ብተልመዴን ኣባላት ሓይሊ-ባሕሪ ሻዕብያ ዝተፈተነ፣ ኣባይካ እዉን እንተ ኮነ በዚ ኣገባብ እዚ ኣይትቅጽዓዮ’ ብዘብል ደረጃ ተቀጺዑ ስለ ዝተበታተነ፡ ሻዕብያ ድሕሪ ደጊም ክፍትኖ ከም ዘይብሉ ዝምህር ግርም ምህሮ ኢዩ።

እተን ዝመጻ ተዋጋእቲ ጀላቡ ሻዕብያ ብመዳፍዕ ተወቂዔን ምስ ሰበን ብዘይ መላሲ ኣውያት ኣብ ባሕሪ ሰጢመን ኢየን። ኣብ እዚ እዋን’ዚ ገምገምን፥ ማያት ቀይሕ-ባሕሪን፥ ሰላም ዓሲልዎ ኣሎ።ኩሉ ነገር ኣብ ኢድ ቁጽጽርና ኢዩ ዝርከብ ዘሎ። ክብርን ሞጎስን ንጅግና ኣብዮታዊ ሓይሊ-ባሕርና ይኩን” በሉ።

ጄነራል ተሾመ ብጊድኦም ከምዚ’ሎም መለሱ......

“እወ ሓቅካ ኣለካ። ኣዝዩ ዝገርም ነገር እኮ ኢዩ።ኣነ እኒ ንኹሉ ምዕባለታት ብደቂቅ’የ ክከታተሎ ጸኒሔ። ለብዘበን ሻዕብያ ብሓድሽ ሜላን ቅድን ኩናት ፡ ቀይሕ-ባሕሪ ክህዉኽ እንዳ ፈተነ ኢዩ” ኢሎም ዉልቃዊ ርእዮቶ’ኦም ፈይ-ፈይ ኣቢሎም፡ ናብ እቲ ቀንዲ መደወሊ’ኦም ጉዳይ ሰገሩ። ጄነራል ተሾመ “ ኩሉ'ቲ ሰነዳትን ገንዘብን ክፍለ ጦር-ሰራዊትናን፥ ምስጢራዊን ቁሉዕን ሰነዳት ሰልፊ-ኢሰፖ፡ ብፈጣን ጀልባ ናብ ደሴታት ዳህላክ ክሰግር፡ ካብ ላዕለዋይ ኣካል ተኣዚዙ ናባኹም ተላኢኹ ኣሎ። ስለዚ ህጹጽ ምትሕብባር ናትኩም የድሊ ኣሎ ” ምስ በሉ፣

ኮማንዶር ፊሊጶስ እሶም ብዉልቂ ሓላፍነት ወሲዶም ነዚ ተልእኮ ክፍጽምዎ ሙኳኖም ቃል ኣተዉሎም። ጄነራል ተሾመ ድማ ንጄነራል ሑሴን ብኡ-ንብኡ እቲ ትእዛዝ ክፍጽም ንኮማንዶር ፊሊጶስ ትእዛዝ ከም ዝሃብዎ ሓበሩ። ኣብ 11 ለካቲት 1990 ዓ.ም. ፈረንጂ ሰዓት 04:00 ለይቲ፡ ሻዕብያ ኣብ ግንባራት ዶግዓሊን፥ ኢንበርምን፥ ጊንዳዕን ኣዝዩ ቁልጡፍ በርቃዊ መጥቃዕታዊ ኩናት ፈነወ።

**ኣብ ለካቲት 11 ዓመተ-ምሕረት ፈረንጂ 1990።**

ሻዕብያ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ክቆጻጸር ወጢኑ። ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ከኣ ነቲ ሕልሚ ሻዕብያ ከፈሽል ሃቂኑ። መሪርን ሓያልን ህልኽ ክልተ ዓንተራት ዝተራኣየሉ ግጥም ኩናት ዝተካየደላ ዕለት ኮይና ከተብቅዕ፡ ግን ክንዲ ሓንቲ ፍረ-ጣፍ ዓወት ክልቲኣቶም ሓይልታት ዘይሓፈሱላ፡ዕለት ክሳራ’ያ ኔራ።

**ኣብ ለካቲት 11 ዓመተ-ምሕረት ፈረንጂ 1990።**

ሻዕብያ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንምቁጽጻር፡ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ከኣ ንሕልሚ ሻዕብያ ንምፍሻል ህልኽ ኣብ ዝነገሰሉ ግጥም፡ ኣብ ምርብራብ ዝሓደረላ ተካል ሕድሮ ዝሓደረላ ለይቲ ኢያ ኔራ።

**ለካቲት 11 ዓመተ-ምሕረት ፈረንጂ 1990።**

እቲ ባሩድን ትክን መዳፍዕ ከቢድ-ብረትን፥ ጠያይት ማእከላይ-ብረትን፥ ጠያይት ፈኮስቲ-ብረትን ካብቶም ክልተ ሸነኻት ዝትኮስ ነቲ ከባቢ ዓብሊኽዎ ዝሓደረሉን፥ ብረመጽ ባርዕ ከበድቲ ብረታት እቲ ምድሪ ገሃነብ-ብእሳት ሲኦል ጋህሲ ዝመሰለሉ ተካል ለይቲ ኢዩ ኔሩ።

ይቕጽል............................




- **ኣብ ኵናት ለካቲት 11 1990 ዓመተ-ምሕረት ፈረንጂ:-**

ሻዕብያ ሓንሒኑ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንክቆጻጸር ብልዑል ወኒ ይዋጋእ ነበረ። ኩሉ ኣባል ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ከኣ ካብ ታሪኽ ናይ ዓባይ ኢትዮጵያ ተሓታትነት ነብሱ ሓራ ንከዉጽእ፡ብወለንትኡ ኣብ ግንባር ዓውደ-ኵናት ተሰሊፉ ምስ ሻዕብያ ኵናት ገጢሙ ኣብ ሓያል ምርብራብ ነበረ።

ኣብ ጽላት 6ይ ነበልባል ክፍለ ጦር-ሰራዊት ዝምእከሉ ምልሻ ብርጌዳት ‘505ኛ’ን፥ ‘83ኛ’ን። ከሙኡ’ዉን ኣጋር ክፍለ ጦር-ሰራዊት ‘21ኛ’ን፥ ‘27ኛ’ን፥ ‘33ኛ’ን፥ ‘29ኛ’ ዘርኣይ ደረስ ሜካናይዝድ ብርጌድን። ኣብ ርእሲ እዚኦም’ዉን ናይ ‘6ኛ’ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ዝተፈላለዩ ክፍልታት ማለት ሞቶራይዝድ፥ መድፍዐኛ፥ ኣሃዱ ጸረ-ነፈርቲ ፥ ኣሃዱ ስለያ፥ ኣመሓደርቲ ቤት-ጽሕፈታት ከይተረፉ ብወለንትኦም ኣብቲ ኲናት ከተቱ። እቲ ጄነራል ሑሴን ዓሊ ሓጂ ዝመርሖ ዝነበረ ‘3ኛ’ ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ኣብ ጊንዳዕ ዝነበረ ታንከኛ፥ ኣሃዱ ከቢድ-ብረት ፥ ኣሃዱ ጸረ-ነፈርቲ፡ ምስቶም ብ…ጄነራል ተሾመ ተመሪሖም ዝዋጉኡ ዝነበሩ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ‘ኢድን-ጋዳትን’ ኮይኑ፡ ንሻዕብያ ዋላ ሓንቲ ስድሪ’ኳ ትኹን ንቕድሚት ክስጉም ከም ዘይክእል ገበረ።

እቲ ኲናት ኣዝዩ ሓያል ኢዩ ኔሩ። ሙሉእ ለይቲ ናህሩ ከይነከየ ኣብ ምርብራብ እዞም ክልተ ሓይልታት ዝሓደረ ኲናት ግን ንግሆ ወጋሕታ ደው ኢሉ ጸጥ በለ።

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ፋዱስ 11 ለካቲት 1990 ዓ.ም. ፈረንጂ፡ ኲነታት ኣየር ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ካብቲ ንቡር ኲነታት ኣየር ናይታ ከተማ ፍልይ ዝበለ'ዩ ኔሩ።

ኣብ ሰማያት ከተማ ምጽዋዕ ሰግለለት ጸሊም ደበና ይዝንቢ ነበረ፡ ካብ ምሒር ርዝነት ናይቲቲ ዝዝንቢ ዝነበረ ሰግለለት ጸሊም ደበና፡ ብርሃን ጨራ ጽሓይ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዋላ ብከፊሉ እኳ ክበርቕ ኣይከኣለን።

ሻዕብያ ነዚ ኲነታት ኣየር ኣጺኒዑ ድዩ! ዋላ ናይ ኣጋጣሚ ጉዳይ ኔሩ! ስጋብ ሕጂ ዘይተመለሰ ሕቶ ኢዩ። እዚ ኮይኑ እቲ! እቲ ሓቂ ብዘየገድስ፡ ሻዕብያ ነዚ ኲነታት ኣየር መዝሚዙ ሰዓት 07:00 ንግሆ ንድሕነት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእተዋ።

ኣሃዱታት ከቢድ ብረት ሻዕብያ ንሆስፒታል ምጽዋዕን፥ ንመደብ (ናባል ቤዝ)ን፥ መዓርፎ-ነፈርቲ ምጽዋዕን፥ቤተ-መንግስትን፥ ንዋና ቤት ጽሕፈት መአዘዚ ስፍራ ነበልባል ‘6ኛ’ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትናን፥ ብመትረይስ ሩሑቕ ተወንጫፊ ከበድቲ መዳፍዕ ቢ.ኤም.(B.M.) ኄሮም ከም ሕሱም ደብደብዎ።

ኣብ ዉሽጢ ሓደ ደቒቕ ዘይመልእ ግዜ ሻዕብያ ካብ ዓሰርተ-ሓሙሽተ ስጋብ ዕስራ ዝኸውን መዳፍዕ፡ ናብቲ ኣብ ውሽጢ ከተማ ምጽዋዕ ዝነበረ ዝተፈላለየ ትካላት ናይ ኣብዮታዊ መንግስቲ ገጹ ይትኩስ ኔሩ።

ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሓድሽ እሳተ-ጎመራ ዝነተጎላ ከተማ ክትመስል፡ ኣብ ፈቆድኡ ባርዕን ዒግ ዝብል ጸሊም ትክን ይርኣያ ኔሩ።

ሓንቲ ናይቲ ከም ሕሱም ዝዘንብ ዝነበረ ደብዳብ ሻዕብያ ኣብነት ክትከውን ትኽእል'ያ ዝበልክዋ ፍጻሜ ክጠቅስ...

ሆስፒታል ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ 150 ዓራውቲ ዝሓዘ፡ በዓል ሰለስተ ደርቢ ዓቢ ህንጻ ኢዩ። እቲ ሆስፒታል ኣብቲ እዋን ሒደት ሰላማውያን ሰባትን ሓያሎ ወተሃደራት ኣባላት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣዕሪፎሙሉ ነበሩ። እቲ ሆስፒታል ብሰሪ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወደቐ ደብዳብ ከበድቲ መዳፍዕ ሻዕብያ ቃል-ቃል ኢሉ ብባርዕ ሓዊ ተሃሞኸ። እቶም ኣብቲ ሆስፒታል ዝነበሩ ሕሙማት መብዛሕትኦም ኣብ ዓራቶም ከለዉ ኢዮም፡ በቲ ባርዕ ተለብሊቦም ብሂወቶም ከለዉ ሓሪሮም።

እቲ ሆስፒታል ልዕሊ ዓቕሙ ዉግኣት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ክሕከሙ ስለ ዝመጽዎ፡ እቲ ግቡእ ዓራውቱ መሊኡ ኣብ ኮሮዴታት ተንኮቦት ኣንጺፉ ይኣልዮም ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዚ ደብዳብ ዘጋጠመ። ዋላ እኳ ክንቀሳቀሱ ዝኽእሉ ቁሳላት ካብቲ ባርዕ ከምልጡ እንተ ፈተኑ፡ ግን እቲ ህንጻ በቲ ብዝሒ ደብዳብ ከቢድ-ብረት መዳፍዕ ናይ ሻዕብያ ሃደሽደሽ ስለዝበለ፡ እቲ መህደሚ መገዲ ተዓጊትዎም፡ሕልና ብዘሳቒ ድምጺ ስቓይ እንዳ ኣስምዑ ኣብ ዘለውዎ ብሂወቶም ከለው ብባርዕ ሓዊ ተቓጺሎም ሞቱ።

ሓንቲ ሙሏቕ ውጻእ ማዓት ኣላይት ሕሙማት ናይቲ ሆስፒታል ውን ብስኩጆ መድፍዕ የማናይ ኢዳ ተወቂዓ ብዉሕድ ጅማዉቲ ጥራይ ዝተንጠልጠለት ክትቁረጽ ዝደለየት ኢድ ሒዛ ንግዳም ወጸት።

"ኡይ....ኣደይ መዓረይ! ኣደይ መዓረይ! ደመይ ፈሲሱ ክዉዳእ ኢዩ: በጃኹም ገለ ግበሩ!" ኢላ ነቶም ኣብ ደገ ናይቲ ሆስፒታል ዝነበሩ ዝገብርዎ ጨኒቅዎም ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዝነበሩ ኣባላት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ተማሕጸነቶም።

እቶም ዝበዝሑ ከምዚ ሓንቲ ዘይረኣዩ ረጊጾማ ኢዮም ሓሊፎም፡ እቶም ሕልንኦም ምግባር ኣቢዎም ናብኣ ዝቀረቡ ወተሃደራት ውን ልቦም ተጠዉዩ ስለ ዝነበረ፡ ዕንድ ዕንድ ኢሎም ጥራይ ጠጠው ብምባል ዋላ ሓንቲ ክገብሩላ ኣይከኣሉን።

" ማይ ጸሚኤ! በጃኹም ማይ ኣስትዩኒ፡ ኢደይ እሰሩለይ ብወላዲት ኣምላኽ" ደጋጊማ ትብል ነበረት።

ሓንቲ ማየን ስትይ ዘበላ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከባ ዝነበራ ኣለይት ሕሙማት ሃንደበት ካብቲ ህንጻ ሆስፒታል ወጺኤን፡ ዋላ'ኳ ኒቲ ነጸልኣን ቀዲደን ኢዳ ክኣስራላ እንተ ፈተና፡ እታ የማነይቲ ኢዳ ብገለ ጅማት ጥራሕ ዝተንጠልጠለት ስለ ዝነበረት ክሰልጠን ኣይከኣለን።እታ መንእሰይ ኣላይት ሕሙማት ደማ ኣይደንጎየትን ኣብ ኢደን ዓረፈት።

እታ ምልክዕቲ ጎርዞ መንእሰይ ጸጉሪ-ርእሳ ነዊሕ ከም ጭራ-ፈረስ፥ ከደረይቲ ሕብራ፥ ኣብ ጸጋማይ ኣጻብዕታ ካቲም ቃል-ኪዳን ነበራ። ከምዚ ዓይነት ኣማዉታ ናይዛ ሰለማዊት ኣላዪት ሕሙማት ፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ልሙድ ተርእዮ ኢዩ ኮይኑ ኔሩ።

ደብዳብ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ኣብቲ እዋን ንሞራልን ዓቕምን ኣብዮታዊ ሰራዊትና ዓዶኽዶኽ'ዩ ኣቢልዎ።

እቲ ጄነራል ተሾመ ዝነበሩሉ ማእከላይ መአዘዚ ስፍራ ናይ ‘6ኛ’ ነበልባል ክፍለ ጦር-ሰራዊት ውን ብደብዳብ ናይ ሻዕብያ ትንፋሱ ሞለቖ።

እቲ ‘ፎርቶ’ ዝባሃል ማእከላይ መአዘዚ ስፍራ ‘6ኛ’ ነበልባል ክፍለ ጦር-ሰራዊት፡ ካብቲ ጽፍሒ-ባሕሪ ሓደ 600 ኪሎ-ሜትሮ ብራኸ ዝነበሮ ኣኽራን ውን ብጸሊም ትኪ ዒግ ዝብል ተሸፊኑ ‘ከም ዘየለ’ መሲሉ ነበረ።

እምብኣር ብ ዕለት 11 ለካቲት 1990 ዓመተ ምሕረት ፈረንጂ ሰዓት 8:15 ጄነራል ተሾመ ኣብ ዉሽጢ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኢዮም፡ ነቲ ምዕይ ዘይብል ዱልዱል ብቸሜንቶ ካቻርትሩስ ዝተሃንጸ መአዘዚ ድፈያም ፎርቶ ገዲፎም፡ወሪዶም፡ ናብታ ኣብ ትሕቲ ሓደ ገረብ ተከዊላ ተዓሽጋ ዝነበረት መኪንኦም ብተርባጽ ብሓውሲ ጉያ ጉያ ዝሰጎሙ። ሞተረ መኪንኦም ኣላዒልሎም ናብ ውሽጢ ከተማ ምጽዋዕ ገጾም ከኣ ተመርቀፉ።

እቲ ንነዊሕ ግዜ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ዝመርሕሉ ‘ፎርቶ’፡ ከም'ዛ ዋዛ-ዋዛ ኩቦ ደርብዮሙሉ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብኡ ተሰወሩ::

ጄነራል ተሾመ ካብቲ እምባ `ፎርቶ` ወሪዶም ናብቲ መኪንኦም ዝተዓሸገትሉ ክዉል ዝበለ ቦታ፡ ጽላል ሓደ ዓቢ ገረብ ክከዱ እንከለዉ፣ ሓዉሲ ጉያ-ጉያ፡ ናይ ተርባጽ ስጉምቲ እንዳ ሰጎሙ፡ ብልዑል ቅልጣፈ ኢዮም ናብታ መኪና በጺሖም።

ጄነራል ተሾመ ኣብ ኩርሲ ናይ መራሕ መኪና ኮፍ ክብሉን ሞተረ ናይታ መኪና ክላዓልን ሓደ ነበረ። ጄነራል በቲ ዝከኣል ዝነበረ መጠን ናህሪ ካብቲ ኩርኳሕ-ሙርኳሕ፥ ሓባጥ-ጎባጥ (ደግዳግ) መገዲ ወጺኦም፡ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ~ምጽዋዕ ሒዞም'ዮም ንኸተማ ምጽዋዕ ገጾም ዝተመርቀፉ።

እተን ኣርባዕተ መንኮራኩር ናይታ ንጀነራል ተሾመ ጂዒና ከም ንፋስ ትሕንበብ ዝነበረት መኪና፡ ብኣዝዩ ልዑል ናህሪ፡ ብዘይ`ንቡር ኢየን ዝሽክርከራ ኔረን።

ጄነራል ተሾመ ሓደ ሰለስተ ኪሎ-ሜትር ንቅድሚት ምስ እተጓዓዙ ኣብ ሓደ ቀራና መገዲ ምስ በጽሑ፡ ካብቲ ጸሊም ጽርግያ ክልተ ሜትሮ ዝኸውን ውጽእ ኢሎሜ መኪንኦም ዓሸግዋ።

እቲ ክልተ ቀራና መገዲ፡እቲ ሓደ ናብ መሓምበሲ ገምገም ቀይሕ-ባሕሪ ገርግሱም ዝወስድ መንገዲ ኢዩ። እቲ ካልእ ካኣ ናብ ከተማ ምጽዋዕ ዝወስድ መንገዲ ኢዩ ዝነበረ።

ጄነራል ተሾመ ኣብ ዝባን እታ ኣብ ደንደስ ጸሊም ጽርያ ዝዓሸግዋ መኪንኦም ጠጠዉ ኢሎም። እቲ ንሩሑቅ ኣቅሪቡ ዘሪእዩ(ሚኒኮለ፥ክሻፋ) ኣነጻጺሮም፡ መጀመርታ ንሸነኽ ገርጉሱም ዘሎ ንኣሽቱ ኩርባታት ተመልከቱ።

እቶም ኣጋር ወተሃደራት ኣብዮታዊ ሰራዊትና ብዘይ ተወደበን፥ ብዘይ መራሒን፥ ንዕዳጋ ዝወርዱ ገባሮ ክመስሉ፡ እቲ ጸሊም ጽርግያ ሒዞም ፋሕ-ጭንግራሕ ኢሎም፥ ንከተማ ምጽዋዕ ገጾም ክስግሙ ድማ ረኣዩ።

ጄነራል ተሾመ ኣስታት 380 ዲግሪ-ሴንቲ ግሬድ ክቢ ተጠዊዮም፡ ማእዝን መረጽየን `ክሻፋ` ኣነጻጺሮም ንሸነኽ ዶግዓሊ ገጾም ውን ተመልከቱ።

ኣብ ግንባር ዶግዓሊ ኣዝዩ ርሱን ናይ ምርብራብ ኲናት ኢዩ ኔሩ።  ታንክታት `3ኛ` ሜካናይዝድን፥ ሻድሻይ ክፍለ-ጦርን፥ ተዋሃሂዶም ምስ ታንክታት ሻዕብያ ፊት-ንፊት ገጢሞም። ኲናት ታንኪ ብታንኪ ናይ ሞትን ሂወት የካፄዱ ነበሩ። ኣብዮታዊ ሰራዊትና 90 ታንክታትን፡ ሻዕብያ ድማ 40 ታንክታት ኣሰሊፎም እዮም ኣብቲ ፊልምያ ዝራባረቡ ኔሮም። እቲ ፊልሚያ ኣዝዩ ህልኽ ዝነገሰሉ ሩሱን ግጥም ኢዩ ኔሩ።

እቲ ዳሕራይ ዝተመሓላለፈ ጸብጻብ'ቲ ኲናት ከም ዝሕብሮ። ኣብታ ንጽል ሓንቲ ግጥም ዉግእ ታንኪ-ብታንኪ ናይ ሽዑ ጥራይ......

ንብረት ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ዝኮና `16` ታንክታት ምስ ሰበን ከም ዝተደምሰሳን፥ ንብረት ሻዕብያ ዝኮና ድማ `9` ታንክታት ምስ ሰበን ከም ዝተደምሰሳን ተመዝጊቡ ኣሎ። ከሙኡ`ዉን ኣብ ዝርዝራት ኣትዩ፡ እተን ሓሙሽተ ታንክታት ሻዕብያ ብተወንጫፊ ‘ላዉንቸር’፡ እተን ኣርባዕተ ድማ ብጥይት መድፍዕ ታንኪ ከም ዝተቓጸላ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ኣብታ ጄነራል ብክሻፋ ኲናት ታንኪ-ብታንኪ ዝምልከቱላ ዝነበሩ ህሞት ክመልሰኩም።

ጄነራል ተሾመ ተመሲጦም እቲ ዉግእ ታንኪ-ብታንኪ ብሚኒኮሎ (ክሻፋ) እንዳ ተመልከቱ ከለዉ፣ ሰለስተ ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተርን፥ ኣርባዕተ ነፈርቲ ዉግእን፥ ካብ ከተማ ኣስመራ ዝበረራ፡ ነቲ ዝባን ሻዕብያ ዝቖጻጸሮ ዝነበረ ቦታታት ከም ሕሱም ደብደብኦ።

ሻዕብያ ግን...."እምቢ ኣይንብርኸክን! እምቢ ኣይሳዓርን! ኢየ" በለ።

እቲ ንኣባላት ሻዕብያ ብጻዕቂ ከበድቲ መዳፍዕ ነፈርቲ ዉግእ ስጋብ ዝግልድሙ ደብዲብካ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኣባል ሻዕብያ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጭንቀት ፈጢርካ ኣባላት ሻዕብያ ሪዒዶም ንድሕሪት ክሃድሙ ተወጢኑ ዝተፈተነ ፈተና ኣይተዓወተን።

ብግምጣሉ እኳ ድኣ ! ሻዕብያ ተወሰክቲ ክልተ ሓደስቲ ብርጌዳት ኣጋር ተዋጋእቲ ናብ ግንባር ዶግዓሊ ኣምጺኡ። ኣብቲ ዉግእ ላዕለዋይ ኢድ ሒዙ ኔሩ። ነቲ መጥቃዕቲ ድማ ብኣዝዩ ልዑል ቅልጣፌ ብናህሪ ቀጸሎ።

ስለዚ ኣብ ከባቢ ሰዓት 11፡00 ቅድሚ ቀትሪ ሻዕብያ ነቲ ማእከላይ መአዘዚ ስፍራ ነበልባል '6ኛ' ክፍለ ጦር-ሰራዊት እምባ 'ፎርቶ' ሙሉእ ብሙሉእ ተቆጻጸሮ።

ብድሕሪ'ዚ ሻዕብያ ኣብ እምባ 'ፎርቶ' በዓል 50 ኪሎ-ሜትር ተወንጫፊ ከቢድ-ብረት ካሊበር ማትረይስ ተኺሉ ነቲ ናብ ከተማ ምጽዋዕ ካብቲ ኩናት ሃዲሙ፡ ዝኣቱ ዝነበረ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኣድራጋ መዳፍዑ ኣብ ዝባኑ ኣዕለበሉ።

እቲ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና፡ ዉጻእ መዓት፡ ኣብቲ ጸጣሕ ጎልጎል ፋሕ-ኢሉ ብእግሩ ዝጓዓዝ ዝነበረ ድማ ከም ቆጽሊ ረገፈ። ጸሊም ጽርግያ መስመር (ኣስመራ-ምጽዋዕ) ብደም ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ጨቀወ።

በቲ ካልእ ሸነኽ ኸኣ~

ኣብ 'ኣማተረ' ዝባሃል ጎዛዉቲ ከተማ ምጽዋዕ፡ ሓደ ሰፊሕ ጎልጎል ሜዳ-ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።እተን ጋንታታት ክፍለ ጦር-ሰራዊታት ኩዕሶ-እግሪ ሻድሻይ ነበልባል ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ዝለማመዳሉን፥ ንመን ወሰደ ዋንጫ ዝጋጠማሉን ሜዳ ኩዕሶ-እግሪ ኢዩ ኔሩ። ኣብ 03 ለካቲት 1990 ዓ.ም. ግን ኣይግድን። እቲ ጎልጎል ሜዳ ክዕሶ-እግሪ ናብ መሕለፊ ትንፋስ ሰብ (ማርቻላዮ) ሜዳ ዓዉደ-ኩናት ኢዩ ተቀይሩ ኔሩ። እቲ ጋንታታት ኩዕሶ-እግሪ ብስፖርታዊ መንፈስ ህልኽ፡ መን ሰዓረ!መን ሓየለ! ክፍለጥ ዝወዳደሩሉ ሜዳ ኩዕሶ-እግሪ።

ኣብቲ ሸዑ እዋን ግን..... መን ትንፋስ ሰብ ኣሕለፈ! መን ምንባር ቀጸለ! ዘፍልጥ ዉድድር ሞትን-ሂወትን፡ ኣብ ሞንጎ ኣብዮታዊ ሰራዊትናን፥ ኣብ ሞንጎ ኣጋር ተዋጋእቲ ኣባላት ሻዕብያን መሪር ኩናት ተካይዱ`ላ። ኣብ ኣስታት 40 ደቓይቅ ዘይመልእ ግዜ 163 ወተሃደራት ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ሞይቶም። ልዕሊ 163 ድማ ተወጊኦም።

ብሸነኽ ሻዕብያ ድማ ብግምት 125 ሰባት ሞይቶም፥ 130 ድማ ተወጊኦም። ኣብዚ ክንጽር ዘለዎ ጉዳይ፣ እቲ ላዕለዋይ ኢድ ዝነበሮ ብኹሉ መለኪዒታት ኣብ እቲ ኩናት ሻዕብያ፡ እቲ መጠን ብዝሒ ሞትን መዉጋእትን ኣባላቱ ዘብዝሖ መክንያት፡ ኣብ ቲ ጸጣሕ ጎልጎል ቃልዕ ዓሪዱ እንዳ ተዋግኤ ከሎ፣ እተን ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተራትን፥ ነፈርቲ ዉግእ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ከም ሕሱም ስለ ዝደብደብኦ እዩ ኣብ 'ኣማተረ' ደም ክልቲኡ ሓይልታት ከም ደም ኣባጊዕ 'ኣፋሲካ' ኢዩ ተኳዕዩ። እቲ ሜዳ ኩዕሶ-እግሪ ብደም ኢዩ ጨቂዩ ኔሩ። ኣሸንኳይ ንሰላማዊ ሰብ፡ ነቲ ብዙሕ ግዜ ሰብ ክመዉት ዝረኣየ ወትሃደር እዉን ኣዝዩ ዘሕዝን ትሪኢት ኢዩ ኔሩ፡ ኣሰቃቒ ሕሱም ትሪኢት!።

**ለካቲት 11** ቅርስስትን ርግምትን ማዓልቲ ኢያ ኔራ።

ኣብ ሞንጎ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትናን ሻዕብያን ካብቲ ኣቀዲሙ ዝተገብረ ኲናት ብምረቱን ንዉሓቱን ዝመረረ ኲናት ዝተካየደላ፡ክብረ-ወሰን ምረት ኲናት ዘመዝገበት ማዓልቲ ኢያ። ብፍላይ ካኣ ካብ ሰዓት 08:00 ንግሆ ስጋብ ሰዓት 9:30 ረፍዲ ኣብ ዝነበረ ግዜ ኲናት። ኣብ`ታ ሓንቲ ንጽል ዕለት ጥራሕ 932 ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ክስዉኡ ከለዉ፥ ልዕሊ 1046 ከኣ ተወጊኦም፥ ካብ 116 ዘይዉሕዱ ወተሃደራት ካኣ ብሻዕብያ ተማሪኮም። ብሸነኽ ሻዕብያ ድማ ብግምት 1.146 ሞይቶም፥ ልዕሊ 800 ተወጊኦም፥ 12 ኣጋር ተዋጋእቲ ድማ ተማሪኾም።

እቶም 12 ሙሩኻት ሻዕብያ ግን ነቶም ዝማረኽዎም ወተሃደራት ኣብዮታዊ ሰራዊትና እንዳ ተጻረፉዎምን፥ ኣብ ገጾም ምራቆም እንዳ ተፍእሎምን (ጡፍ እንዳ በሉሎም) ስለ ዘሸገሩ፣ ብትእዛዝ ኮሎኔል በላይ ኣስጨናቂ ኣዛዚ '3ኛ'ሜካናይዝድ ክፍለ-ጦር ሓደ 200 ሜትሮ ንሸነኽ ሰሜን ካብ መዓርፎ-ነፈርቲ ሪሒቑ ኣብ ትሕቲ ዝርከብ ገረብ ተረሸኑ። እቶም ነዞም ሙሩኻት ዝረሸኑ ፖሊስ ወተሃደር (MP) ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ-ጦር ነቶም ሙሩኻት ድሕሪ ክልተ ኣእዳዎም ንድሕሪት ኣሲሮም፥ የዕንቶም ብጸሊም ጨርቂ ዓፊኖም ብጥይት ምጭፍጫፍም እቶም ሙሩኻት ናብ ቲ ዝተጋደሙሉ ትሕቲ ገረብ ሰጊሞም፡ ነቲ ግምባር (ርእሲ) ናይ ነፍሲ ወከፍ ሙሩኽ ሓደ-ብሓደ ጥይት እንዳ ተኮሱ ንኣእምሮኦም ኣብ ህዋ ፈርሽሕዎ።

ዕለት 03 ለካቲት 1990 ዓ.ም ፈረንጂ። ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ብሰሪ'ቲ ኣብ ሞንጎ ኣብዮታዊ ሰራዊትናን ሻዕብያን ዝካየድ ዝነበረ ሓያል ኲናት ናብ መቕሎ'ያ ተቐይራ ዝነበረት።

ሻዕብያ ብሸነክ ዶግዓሊ ፍሉይ ናይ ኮማንዶ ሰራዊቱ ምስ መካናይዝድ ከቢድ-ብረት ኣወሃሂዱ፡ ብብዝሒ ታንክታትን፥ ድሩዓት ሓጺን ለበስ ናይ ጵዕነት ወተሃደራዊ ተሽከርከርትን ኣሰሊፉ፡ ናብ ምጽዋዕ ተጎዝጊዙ ኲናት ብምዉላዑ፡ ንምድረ-ሰማይ ቃው-ቃዉ ኣቢልዎ ነበረ።

ኣብቲ ሽዑ ግዜ እቲ ከባቢ እሳተ-ጎሞራ ዝነተገሉ ስፍራ ኢዩ ዝመስል ዝነበረ።ብምድሪ ሓዊ፡ ብሰማይ ሓዊ ኢዩ ተካዕዩሉ።

ኣብ ዉሽጢ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ጄነራል ተሾመ ኣብ ማእከላይ ናይ "6ኛ" ክፍለ-ጦር መኤዘዚ ኮይኖም፡ ነቶም ናይ ብርጌድ ኣዘዝቲ መኮንናት እንዳኣወሃሃዱ ነቲ ከኲናት ይመርሕዎ ነበሩ። ግን እቲ ኩነታት እንዳ ከፍኣን፥ እንዳ ጸንከረን ይከይድ ስለ ዝነበረ፡ ልክዕ ሰዓት 9፡45 ቅድሚ-ቀትሪ፡ ሻዕብያ ን "መዕርፎ-ነፈርቲ" ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሙሉእ-ብሙሉእ ተቆጻጸሮ።

እቲ ዋና ማእከላይ ቤት ጽሕፈት መአዘዚ "6ኛ" ክፍለ ጦር-ሰራዊት፡ ካብቲ "መዕርፎ-ነፈርቲ" ምጽዋዕ፡ካብ ሓደ ኪሎ-ሜትር ኣብ ዘይርሕቅ ስፍራ ኢዩ ተደኲኑ ዝርከብ ኔሩ። ስለ

ከምዚ ዝኮነ ድማ መዳፍዕ ዙ-23 ጸረ-ነፈርቲ ሻዕብያ፡ ካብ መዕርፎ-ነፈርቲ ተተኪሱ፡ ኣብ ዝባን ማእከላይ ቤ/ጽ መአዘዚ "6ኛ" ክፍለ-ጦር ኣብዮታዊ ሰራዊትና፡ ከም ሕሱም ዘነበ።

ግብረ-መልሲ ናይዚ ድማ እቶም ዝድብደቡ ዝነበሩ ሓለፍቲ ኣብ በበይኑ ጽፍሕታት ዝነበሩ ናይ ወገን መኮንናት፡ ዝተፈላለየ ስጉምትታት ክወስዱ ተራእዩ። ንኣብነት ሓደ ሓለቓ ሚእቲ 'በኀሰዉ ሞሲሳ' ዝተባህለ መኮነን፡ ነቲ ኩሉ ተኣፋፊ ምስጢራዊ ሰነዳት ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ኣኪቡ፡ ሓደ 20 ሊትሮ በንዚን ኣብቲ ወረቃቅቲ ከስኪሱ ምስ ኣባርዖ።ሃልሃልታ ፈጢሩ ትኪ ዒግ ስለ ዝበለ፡ ኣሃዱ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ዕላማና ጨሚትና ኢሎም፡ ስለ ዝተ'ተባብዑ ኢዮም ዝመስሉ፡ እታ ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ሚእቲ ቀንዲ ዕላማ መዳፍዕ ናይ ሻዕብያ ኢያ ኮይና ኔራ።

ጄነራል ተሾመ ተሰማ እዚ'ን ወዲ ክንድዝን ምስ ረኣዩ፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት 10 ንግሆ ቅድሚ ቐትሪ፡ እቲ ኣብ መናድቕ ቤት-ጽሕፈቶም ተሰቒሉ ዝነበረ ስእሊ ብጻይ ኣቦ-ወንበር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፡ መንግስቱ ሃይለማርያምን፥ ነቲ ወተሃደራዊ ካርታ ኣዉራጃ ሰምሃርን ጠርኒፎም፡ ዝባኖም ነቲ ን'ነዊሕ ዓመታት ዝሰርሕሉ ቤት-ጽሕፈቶም ሂቦም፡ ሓንሳእን ንሓዋርን ማዕጾ ቤት-ጽሕፈቶም ሸጋጊጦም፡ ኣብታ ጂፕ መኪንኦም ሰሪሮም፡ ናብ ቲ ኣብ ዉሽጢ ባጽዕ ዝርከብ ቤተ-መንግስቲ ገጾም ተሓንበቡ፡፡

ጄነራል ጥላሁን'ን ጄነራል ዓሊ ሓጂ'ን ግን እዚ ኩሉ ፍጻሜታት ክፍጸም ከሎ፡ ካብታ ዝነበሩላ፡ ማለት "መዓስከር ሓይሊ-ባሕሪ መደብ (ቤዝ)" ንሓንቲ ካልኢት ዋላ ትኹን ኣይተንቀሳቀሱን፡፡

ጄነራል ተሾመ ተሰማ ኣብቲ ኣባይቲ ናይቲ ቤተ-መንግስቲ ምስ በጽሑ፡ ነታ መኪንኦም ካብ ሓደጋ በራሪ መዳፍዕ ሻዕብያ ከድሕኑ፡ ኣብ ሓደ ክዉል ዝበለ ቦታ ዓሸግዋ።

ድሕሪ እዚ ኣብቲ ላዕለዋይ ደርቢ ናይቲ ርሻን ቤተ-መንግስቲ ኮይኖም፡ ክሽፍኦም (ወተሃደራዊ ሚኒኮለ) ናብ'ቲ "ዕዳጋ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ጎዛውቲ ኣነጻጺሮም፡ ነቲ ኩነታት ብደቂቅ ከጽንዕዎ ጀመሩ።

ሻዕብያ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኢዩ ከፊቱ ዘሎ፡ ታንክታት ሻዕብያ ንማእከላይ መአዘዚ "6ኛ" ኣብዮታዊ ሰራዊት ቤት-ጽሕፈት ሓሊፈን፡ ናብ "መዓስከር ሓይሊ-ባሕሪ ወደብ (ቤዝ)" ገጸን ይምርሻ ኣለዋ።

ኣብቲ ኣከባቢ ዝነበሩ ብጾት ኣባላት ኣብዮታዊ ሰራዊት፡ ፍርቆም ኣብ መንገዲ ናብ "ወደብ" ዝወስድ፥ ፍርቆም ናብ መንገዲ መደበር ሓይሊ-ባሕሪ ዝወስድ ዓሪዶም፡ ኣባላት ሻዕብያ ከይፍንጥስዎም ብልዑል ወኒ ይዋግኡ ኣለዉ።

በቲ ካልእ ወገን ድማ እቲ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ካብ ኩሉ ግንባራት ተደፊኡ ኣብ ዉሽጢ-ባጽዕ ዝተኣካከበ፡ እቲ ንረድኤት ዝመጸ ክሻ ስርናይ-ካናዳ ኣብ ርእሲ-ርእሲ ደርዲሩ መዋግኢ ዝኮኖ ዕርዲ (ድፋዕ) ይሰርሕ ነበረ።

እቲ ንሸነክ "መዓስከር ሓይሊ-ባሕሪ" ዘዝለቐ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኣኣ፡ ካብቲ ፋብሪካ ናይ ጨዉ፡ በቲ ናብ ኩለን ዕዳጋታት ሃገርና ንክዉዛዕ ተዳልዩ ዝነበረ፡ በዓል 50 ኪሎ ጨዉ ክሻ'ታት ደርዲሩ፡ ናይ ዉልቅን ናይ ሓባርን ዕርድታት (ድፋዓት) ኣብ ምስራሕ ተጸሚዱ ስለ ዝነበረ።እቲ ኩነታት ኣመርቃኒ (ዘዕግብ) ኢዩ ዝነበረ።

ማለት እቲ ፍርቂ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ነቲ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ንኽከላከል ብወኒ እንዳ ተዋግኤ እንከሎ፣ እቲ ፍርቂ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ድማ ነቲ ዳሕራይ ክመጽእ ዝክእል እንተታት ኣብ ግምት ኣእትዩ፡ ኣብ ጽኑዕ መከላኸሊ ዕርድታት ምስራሕ መስርሕ ምህላዉ፡ ብሓቂ ኣመርቃኒ ( ዘዕግብ) ኢዩ ኔሩ። ሙሉእ እፎይታ ዝህብ ድማ ኔሩ።

ይቕጽል....